
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 310 | 7 ሓምለ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰኑይ


ገጽ 2
ነርየ ቴፓ


ገጽ 3
ሕርይቲ ኣብ ሰዉሮ ሰናይ

ገጽ 5
ኪንዱ ምሕዝካት


ገጽ 7
"ኣብ በሊኛ ተወዳዳሪ ናብ ሜዳ ኣትየም ዝዛሰወአ ጀጋ ውሑዳት ኣይኮኑን፣ ክብርን ሞገስን ንዓኦም ይኹን!" ወይዘሮ ታቦቱ

ገጽ 11
ብራዚል መጉዳእቲ ነይማር የሰክፋ



## "ዕላማ ወለዶታት ኤርትራ፡ ምህናጽ ድሌታት ህዝብ እተማልእ ዘይትድሬር ሃገር'ዩ" ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ



መሰረታዊ ዕላማ ናይ ዝሓለፉ ዘለዉን ዝመጹን ወለዶታት ኤርትራ፡ ድሌታት ህዝብ እተማልእ - ዘይትድሬር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈኖ፡ ዘመናዊ ቁጠባ ዝወነነት ከምኡ'ውን ሓያል ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ኪዳናትን ዘለዋ ሃገር ምህናጽ ከምዝኾነ፡ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብርኣብ፡ ብ4 ሓምለ ንተሳተፍቲ ዝኸሪ መበል 40 ዓመት ፌስቲቫል በሎኛ ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር ኣፍሊጡ።

"እዚ ዕላማዚ፡ ኤርትራ ከም ሃገር ካብ እትቐውም ቅድሚ 100 ዓመት ዝተታሓዘናዮን ኣብ 1991 ኣብ ሓደ መድረኽ ዘበጻሕናዮን ግን ከኣ ገና መለእና ዘይጨበጥናዮ'ዩ" ዝበለ ኣቶ የማነ፡ ሓይሊ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣብ ፖለቲካዊ ናጽነትን ምውሓስ ደቦትን ጥራይ ዝምርኮስ ዘይኮነ፡ ዘመናዊ ቀጠባ ወኒ ምኳኑ ብምምልካት፡ ቃልሲ ህንጸት ሃገር ዝቐጽል ቃልሲ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ከምዚ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ንኤርትራ ዘጋጠመ ናይ ኣመራጽ፡ መፃርኽታን ዕስብትን ውዲትን መጥቃዕትን ክትጻወር እትኽእል ሃገር ከምዝኾላ ዝጠቐሰ ኣቶ የማነ፡ "ሓይልና - ሓድነት፡ ንቕሓት፡ ውዳቤ ራኢ ከምኡ'ውን ሱሓሳብን ክብርታትን ናይ ሕብረተሰብናን ህዝባዊ ግንባርን'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ እዚ 10ታት ዓመታት ዝተደኸመሉን ማሰዋእቲ ዝተኸፍለሉን ሓይሊ'ዚ፡ ብዝለዓለ ክዕቀብ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብርኣብ ኣብ መወዳእታ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ብቑዓትና ከመስከር ምእንቲ፡ እዚ ሓይሊ'ዚ ክቕጽል፡ ቃልስና፡ መኽተና፡ ብቑዓትናን ተጻዋርነትናን ደማ ክሕይል ከምዘለዎ ብምዝኻር፡ ዝ. ዓቢቕና ክሳብ ዝዘብናናን ዘንቅድናን ኣብ ቅድሚና ደው ክብል ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ ጠቒሱ፡ ንኸሉም'ቶም ዝ. ናይ ዝኸሪ መደብ ከውን ዝበሩን ዘደሙቑን መጉሱ።

## ሃብረንጋቓ፡ ውሕስነት ማይ ህዝቢን ጥሪትን ንምውሓስ ሓጸቢ ይሰርሕ ኣሎ

ነበርቲ ሃብረንጋቓ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን፡ ውሕስነት ምንጪ ዝሰተ ማይ ህዝቢን ጥሪትን ንምርግጋጽ ሓጸቢ ኣብ ምስራሕ ተጸሚዶም ከምዘለው ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሃብረንጋቓ ጎቦታትን ሰንጭሮታትን ዝዓብለሎ ብምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ሓጸቢ ምስራሕ መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽእ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ኣብሪሆም።

ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ክኢላ ምህንድስና በረኸት ገብረመድህን፡ እታ ሓጸቢ ጽፍሓውን ትሕተ-ባይታውን ምንጪ ማይ ብምህብታም፡ ኪኖ'ቲ ንዝሰተ ማይ ህዝቢን ጥሪትን እትህቦ ኣገልግሎት፡ ኣብ ትሕቲኣ ንዝርከብ ኣስታት 10 ሄክታር ብመስኖኣዊ ኣገባብ ከተልምዕ ዓቕሚ ከምዝህልዋ ሓቢሩ።

ድሮ 95 ሚእታዊት ህንጻዊ ስርሓታ ከም እተዛዘመን ጠቒሱ ድማ፡ ጀሚሩ ብዘሎ ጥሉል ክራማት እኹል ማይ ኣዋህሊላ ከምዘላ ኣነጺሩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፣ ኣብ ከባቢ ሃብረንጋቓ ዝነብር ህዝቢ ማይ ንምርካብ መገዲ ሰዓትን ፈረቓን ናብ ሩባ ባልዋ ክጓዓዝ ምጽንሑ፡ እዚ ድማ ከቢድ ጾር ኮይንዎም ምንባሩ ብምዝካር፣ ምስራሕ ናይ'ታ ሓጸቢ ርግኣት ፈጢራትሎም ከምዘላ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፣ እታ ሓጸቢን ከዚናቶ ዘላ ማይን፡ ጸገም ነበርቲ ዓድታት ሸንድዋ፡ ጀረተዋ፡ ግራት ፍሱሕን ሃብረንጋቓን ከምዝፈትሐት ኣረዲኦም።

## ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ 262 ተመሃሮ ብቐዳማይ ዲግሪ፡ ዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ኣመረቐ

ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ብዓውድታት ስነሰብን ስነጥንትን፡ ስነሕብረተሰብ፡ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ታሪኽ፡ ጂኦግራፍ፡ ስነጽሑፍ፡ ሕጊ፡ ፖለቲካዊ ስነፍልጠት፡ ጋዜጠኝነትን ረቂቕ ጥበባትን ከምህርም ዘጽንሐ 262 ተመሃሮ ኣመረቐ።

እቶም ብ5 ሓምለ ዝተመረቑ ተመሃሮ፡ 201 ብቐዳማይ ዲግሪ፡ 21 ብዲፕሎማ፡ 40 ድማ ብሰርቲፊኬት'ዮም።

ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብዚ ተወዳዳርነት እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ዓለም፡ ኩሉ ብድህሮታት ንምምጣም ዘኽእል ወኒ ዕጥቒ ትምህርቲ ጥራይ ምዃኑ ጠቒሱ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝፍ ወፍሪ ይገብር ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ዲን ናይቲ ኮሌጅ ዶክተር ዑቕባብርሃል በራኺ ብወገኑ፡ ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን ተደኩኑሉ ዝርከብ ከባቢ ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ታሪኽ፡ ስነሰብን ስነጥንትን ሃብታም ብምዃኑ፡ ምዕሩግ ህንጻታትን ጽቡቕ ኣካዳምያዊ ሃዋህውን ተደሚሩዎ ንተመሃሮ ምቹእነት ፈጢሩ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ዶክተር ዑቕባብርሃል ኣሰዒቡ፡ ብ5 ዓይነታት ትምህርቲ ጥራይ ዝጀመረ ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ 10 ዓይነታት ትምህርቲ ማለት 8 ብቐዳማይ ዲግሪን 2 ብዲፕሎማን ይህብ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ብቑዓት መምህራን ንምሕያል፡ ን21 ናብ ደረጃ ማስተሬት ን4 ድማ ናብ ዶክተሬት ደረጃኦም ክብ ንምባል ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ልኢኹ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብግደኦም፡ ኣብ'ቲ ደረጃ ንኽበጽሑ ዝዐበቕዎም ህዝብን መንግስትን ብስራሕን ጻዕርን ሞሳኦም ንምኽፋል ድልዋት ከምዘለዉ ኣረጋጊጾም።

ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ካብ 2004 ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ - ማይነፍሒ ኮይኑ ንጥፈታቱ ከካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2010 ግና ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ዝተሰርሓሉ ህንጻ ከምዝገዓዘ ይፍለጥ።



ብዮማኖ ኣብርሃ

# ቕያንኽ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

ብዞዕባ ቴፎዞ ክለዓል እንከሎ ጸዊኻ ዘውዳእ ኣይኮነን። ግዜን ቦታን መሪጽካ ከተዋግዖሉ ድማ ይሓተካ። ምኽንያቱ ኩዕሶ እግሪ ኣብዚ ሎሚ እዋን እቲ ካልእ መዛረቢ ኣርእስቲ ኩይኑ ስለዘሎ። ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ቅንያት ዋንጫ ዓለም መኻፍይቲ ሕብሪ ዕላል መንእሰያት። ኩዕሶ እግሪ'ዩ። ኩዕሶ ኣደን ኩዕሶ ርእሰን ክሳብ ክንድኡ ፋዕራ ዘይምርኻቦም ድቃስ ይኸልኣኒ'ዩ። መንእሰያት(እርጋን ኣይልዲላ ዝሓዘተቶም'ውን ኣይገደፉን) ሃሞምን ቀልቦምን ኣብ ጉዳይ ኩዕሶ እግሪ ምስላቡ ዘይርድኦ ስምዒት ፈጢሩለይ ኣሎ። ወላ ኣጉዳሲን ህጹጽ ስራሕን እናሃለወ ክሻብ ክንድኡ ጸደፍደፍ ምባሎም ጓዕ ኣይበለንን። ፈተና እንከለዎም ተማሃሮም ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ክሪኡ ዘለዎም ብዙሓት'ዮም። እዚ ሓሳብ ምስቲ ቅድሚ መግቢ ኣእዳውካ ክትሕጽብ ኣለካ ዝበል ምኽሪ ዝተጣመረ ይመስለ። ኣቱም ሰብት! ሕማም ደቂ ሰብ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፡ ናይዚ ንበሎ ዘለና ሕማም ግን ኣይትሓዙለይ። ፈውሰይ ፈውሲ ዓሻ ኢልካ'ውን ዝምሕር ኣይኮነን።

ኣረ ገለ ሃገራት ጸወታ ምስ ዝህልወን ውዱእ ውሳነ ዝህቡ ቴፎዞ ማእሊያ የብሎምን። ከም ኣብነት ንምጥቃስ "ሰጐሪ ንእገለ ኣብ መስመር ምጥቃዕ ከሰልፎ ኣይነብሮን። ኣብ ምኽልኻል'ዩ ዘድምዕ ነይሩ።

ሱቲቭን ከሺ ንኤደምዊንጌ ቀዳማይ ኣጥቃዒ ክገብሮ ነይርዎ ........ ዝበሉ ሓሳባት ሽለል ኢልካዮም ትሓልፍ። ሰብ ተዛሪቡ ኢሎም ኣደም ዘእትው ምስ ኢጋጠሙኻ ግና ሱሓቕ ይሰዕረካ። ቫንጋል ንሮበን ሓላዊ ልዳት ክገብሮ ነይርዎ። ሎው ንመተርሳከር ኣከፋፊሊ እንተዝገብሮ

ዘይተዓደለኒ ትብል። ወይ ሰብ ደቀይ! ተሓጓሚ እንከሎስ ተሓዝ ተሓጓሚ.... ይምስለ። ሕሰብዎ'ሞ ከም ገለ ኢልካ ኣስማት ተጻወቲ ምስ እትሓተቶም ከኣ ክሳብ ሸውዓተ ወለዶኦም ይዝርዝሩልካ። ዝለበስዎ ጫማ። ዝበልዕሉ ማንካ። ዝኣትውዎ እንዳ ላተርያ። ዝጥቀሙሉ ሸንግና... ሓደ ብሓደ ሲጋእ እንክይደብሉ ትንትን ይውዕሉልካ። ኣረ ገለስ ኣዚ ኣርእቲ'ዚ ምስ ኣልዓልካ ደው እንተዘይ ኣቢልካዮም ባቡር'ዮም። ብዞዕባ ወለዶ ናቶም ምስ ትሓቶም ግን ካብ ስም ኣቦን ኣቦሓጎን ዝሓልፉ ኣይኮኑን። ብዞዕባ ሓትኖ ሳምፓርድ። ድሙ ሩሒ። ውሽማ ጆን ቴሪ። ሰዓት መሲ። ዓራት ሰዋረዝ....... ክበሉ ግዜ ኣብ ኢድካ ትሞተካ።




ምስ ጋና ማዕረ ኣይምወጹን። ነታ ኣቐዲማ ዝተኣልየት ሰጳኛ ምስ ኣርጀንቲና በጺሕዋ.... ዝበሉ ኣደን እግሪን ዘይብሎም ዘረባታት ክትሰምዕ እንከለኻ ብኻ እዚ

ኣንታ ገለ ከኣ ኣለዉ ሕልፍ ዝበሉ። ኣብ እንዳ ሰብ ተለቪዥን ክርእዩ ኣትዮም ሃንደበት ባርሰሎና ኣብ ርእሲ ኣንጻር መጋጥምታ ሪያል ማድሪድ ሹቶ እንተቑጺራ "የስ" ብምባል ቡቲ ዘይምሕር ቀላጽሞም ኣብ ቅድሚኦም ንዘጸንሖም ቬትሮ ናይቲ ገዛ ብስምዒት ከይተረድኦም ሒጻ ይገብርዎ። ኣንቱም ሰብት! ቁሩብ'ሞ ሕሰብ ኣብልዎ ቬትሮ ወይ ንብረት ኣንዳማጉትካ የዕሪኻ ጸባሕ ንግሆ ኣሰልጣኒ ባርሳ መጺኡ ዕዳኻ ክኸፍለልካ ይኽእል ዲዩ? ዘገርም እኳ እንተኾነ ነገረ ቴፎዞ ከምኡ'ዩ ኢልካ ምሕላፍ ይሓይሸ። እስከ ናይ ገለ ሕልፍ ዝበሉ በዓል ሓለፎም ከኣ ንተዓዘቡ።

"ሄሎው ጆሲ ዓርከይ"

"ሄለው መን ክብል"

"ኣነ ተመሳሰገን'የ"

"ኣህለን ተሚ ዓርከይ እሞ እንታይ ነይሩ ናይ ሕማመይ"

"ኣንታ ጆሲ ዓርከይ ብራዚል እንድያ ሲዒራ እንቋዕ ሓጎሰና ጸባ ሰቲና"

"ሓጎስ ኩላትና ተሚ ዓርከይ እሞ ናይ ፈስታ ገለ ክንበል ኣበይ ኣለኻ?"

"ደሓን ንጽባሕ ሓደ ሓደ ንበል እንቋዕ ጥራይ ሓገሰና" ብምባል ንማሕእቲ ዓመት ዝቖጸለ ባእሲ ዝፈትሐ ክመስሉ ናይ የሃና መልእኽቲ ዘመሓላልፉ ኣለዉ። ካብ

ዓጀዩ ሉተዝጉ ኣይትስማዕ'ምበር ኣብ ዘይሕማምካ ረሲ ዝበሃልሲ ከማዚ ምስ ኮነ'ዩ። "ተሓሳሚ ጓሳስ ምስሉ ዝበልካዮ ድራሩ ይኾና" ደዩ ዝበል ዝተመሳሰሉ። ኣንታ ከኣ'ባ ረሲዐልኩም ጸኒሑ። ገለ ኸኣ ኣለዉ ውራይ ሓትኖኦም ወይ ቤተሰቦም ጉዳዮም ኩዕሶ ክርእዩ ሰቦም

# ነገርያ ቴፎዞ

ገረፍታ ውቅዒቶምን ይምሓረናን ደሰውረናን'ዩ ዝበሃል። ኣየ ነገርያ ቴፎዞ!!

ኣለዉ ከኣ ካብ ርሑቕ ተለቪዥን ዘይብሉ ቦታ መንገዲ ሰለስተ ሰዓት ተጓዒዞም ክርእዩ መጺኦም ጋንትኦም ብኻልእ ምስ ትሰዓር ዝኣዘዝዎ ጽሟቖን ጋኒኖን ተሓሲሞም ዓሶ ርእሲ ከም ዝሓመሙ ንተጻወቲ እታ ጋንታን ኣሰልጣኒን ብሓለንጊ መልሓሶም ዝልፍ ዝውዕልዎም። ጸርፊ ጥራይ ኣይኮነን። መግቢ ናይ ምሕሳም ኣድማ'ውን የካይዱ'ዮም።

ዘሕስሩ። ከም በዓል ሰማር ዓርከይ ከኣ'ባ ኣለዉ ስራሕ እንተኢልካዮም በረድ ዝኾኑ። ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ እንተኢልካዮም ከኣ ጥዩት ዝቕየሩ። ወላ ንጽባሓይቱ ኣጉዳሲ ጉዕዞ ይሃልዎም ክሳብ ሰዓት ሰለስተ ናይ ለይቲ "ሆ..." እናበሉ ርእይ ይሓድሩ። ኣብቲ ገዛ ብጋንታይ'ዶ ጋንታኻ እምቢጋሮ'ዩ ዝትከል። ጋንትኦም እንተተሳዒራ ድማ ድራር ኣይንታዮምን'ዩ። ሓለፎም ብዚይ ዘረባ ይድቕሱ። እዚ ዝበን ዋሕዲ ድራር ዘለወን ሰድራቤታት ቁጠባዊ ሓገዝ ክኾውን ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይብሉ ግን ትዝርብ ዊዒልካ እንታይ ኣምጺእካ እንደዩ ነገሩ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም መዘናግዒ ኣእምሮ ደኣ'ዩ ክኸውን ዘለዎ'ምበር ደረቱ ዝሓለፈ...። ልክዕ'ዩ ቴፎዞ ሓይሊ'ዩ። ኣይትድግፉ ምባል ዘረባ ኣይኮነን። መልሓስካ ደም ቲፍቲፍ ክሳብ ዝበል ቴፎዞ ክትከውን ግና.......። ብስዕረት ወይ ብሓገስ ጣውላ። በኬሪ.... እንተሰበርካ መን ይዓድየልካ። ነገረ ቴፎዞ ኢልካ'ውን ዝሕለፍ ኣይኮነን። በሉስከ ብዙሕ'ዶ ኣውረየ። ከምዝይትሕዙለይ ስለ ዝፈልጥ እንደኣለይ። ኑተን ብሰንኪ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ምስ ኣዕሩኽን ካብምዕላል ዝቦኾራ። ብድምጺ 'ቲቪ' ልዋም ድቃስ ዝሰኣና ሰድራቤታት። ብሰንኪ ሲነማታት ንግጥማት ዋንጫ ዓለም ምሕዛኡ ብወልፊ ፊልም ዝተኻእሉ ሰድራቤታት ፊልም.... ዓቕሊ ይሃብኩም እብሎም። በሉ ጠጥዑመ። ሸዊት ሰላምታ ሂብ ጸቡቕ ቅንያት ዋንጫ ዓለም ኣለ እንተተፈለኸኩም የኽፈኣለይ ደዩ?

**ኣብርሃም ዘርኣ**
**(ወዲሃሊቃ)**


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**
ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጸጋይ
ሳምሪዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ


## እንታይ ኢኻ ትብሎ

### መዓር ሰ

ከም ሰዊት ዕፉን ዝህረፍ የልቦን። ብፍላይ ኣብዚይ እዋኑ ክትረኽቦ እንከለኻ በለፃ ኣይትጸግቦን። ህርፉን ዕፉን ዘለዎም ሰብት ድማ ንዕፉን ኣብ ወርሒ ሰ ክረኽብዎ እንከለው መዓር ሰ ኢሎም ይጽውዕዎ። ኣረ ኣብ ግጥሚ'ውን ኣይገደፍዎን።

ኣንቲ መዓር ሰ
ናፊቐ ኣለኹ ኣነ።

### ጥቕማ ምበዚሐ

እታ ብተደጋጋሚ ትሰሕብ ሽጋራ
ጓሂ ናይ ውሽጥካ ተተውጽእ ጺዪራ
ካብ ጉድኣታ ጥቕማ'ኮ ምበዚሐ
ምስጠር ናይ ውሽጥኻ ኩሉ ምተፈትሐ።

ፍስሃ ጉብረሂወት(ፈሽ)

13 ክፋል

# ወይ ሕብ ደቀይ!

ጉብሩ ክብርኣብ

# ሕርይቲ - ኣብ ስዕሮ ሰናይ

## እዚ እንዳ በጃኻ መጃኻ ኣይኰነን - ሰናይ'ዩ!

ኣብ ኣእዳዎም ዝፍቱ ሰንሰለት ዘንጠልጠሉን ኣባትር ዝዓጠቑን ከክንዲ እምባ ዝኾኑ ራሻይዳ፡ ኣብቲ እኒ ሕርይቲ ዝተሓየሩሉ ዳስ ምስኣተው፡ እቶም ግዳያት ኩነታቶም እናሓደረ እናበኣሰ ይኸይድ ከምዘሎ ተገንዘቡ። ሓደ ካብኣቶም፡ ሰንሰለት ጨቢጦም ዝነበሩ ግብጻውያን ራሻይዳ "ዓዲግናኩም ምኻንና መቸስ ተረዲእኩም ይኸውን'ዩ! ዋጋ ዝወጸ ኸኣ ዘረባ የብሉን! ንብረት'ዩ! ንብረት ናይ መን እንተብልኩም ኸኣ ንብረት ናይቲ ዝዓደገ! ንብረት ናይ'ቲ ገዚኡ ዝኸፈለሉ!" ምስበሉ፡ በቲ ዝሓዞ ዱላብትሩ ኑቲ ባይታ ወቕዖ። ከምዚ ኢሉ ከይኣኸሎ ድማ "ሕጂ ንሕና ባህ ከምዝበለና ኢና ክንገብረኩም! ባህ ከምዝበለና! ሰሚዕኩም? ንሓደ ንብረትካ ባህ ዝበለካ እንዲኻ ግዲ ትገብሮ! እንተደለና ክንኣስረኩም! እንተደለና ክንሸጠኩም! ብኻልእ ክንትክኣኩም፡ ክንለውጠኩም! ኬፍ እንተሂቡና ኸኣ ክንሓርደኩም! ክንቆራርጸኩም! ንኽእል ኢና! በቃ ከምድላይና! ከም ባህታ ልብና!" ክብል ምስ ወሰኸ ካብ'ቶም ዓሰርተ-ሓደ ንጹሃት መንእሰያት ብራዕዲ ዘንቀጥቅጡ ተረኽቡ። ሕራይ ንኽብሉ ወይ ንኽቃወሙ ምእንቲ ክምልሱ ግን ትብዓት ኩነ ሓይሊ-ውሽጢ ስኣኑ። እቲ ፈካሪ ናብ ገጾቶም ጠሚቱ ከምዘይሃሎም ምስ ኣረጋገጸ ከምስ በለ'ሞ ንውሽጢ ብምእታው ኣብ ቅድመኦምን ብድሕረኦምን ሓለፈ። "ቅንዕ ኢሉ ዝጠመተ ወይለኡ" ዝብል ትእዛዝ ካብ ፈለማ ጉዕዞታቶም ስለዝወሃቦምም፡ ኩሎም ደኒኖም ነበሩ። እት ፈካሪ ብድሕሪ ነፍሲወከፎም እንኩሓልፍ እምበኣር፡ ሕርይቲ "በትሩ ገይሩዶ ይምስሰኒ ይኸውን? ... በቲ ሒዝዎ ዘሎ ሰንሰለት ከ እንታይ'ዩ ክገብረና?" በለት ምስልቡ። ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፎም'ውን እንታይ ከምዝወርዶም ጥራይ ነበረ ትጽቢቶም። እቲ ፈካሪ ፍጹም ቃል ከየምለቐ ናይ ድሙ ብዘመሰል ኣኪያዱ ኣብ ዙርያ'ቶም ግዳያት ምዃር ቀጸለ። ብኣዕይንቱን ኣኪያዳኡን ግን ብዙሕ ተዛረበ፡ እዚ ዝገጠማ ዳስ-ሻምብቆን ዚንግጉ ጭካነ ዝገብጣ ፍርሒ መሲላ ቀረበት።

ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነት ደቓይቕ ምስ በልዐ እቲ ፈካሪ ዝኣኸለኒ ህዳን ዳህላን ኣዘኒብ'የ፡ ምስ በሉ ኑቲ ዝሓዞ ሰንሰለት ኣብ ቅድሚ ሕርይቲ፡ ሰው ኣቢሉ፥ ብምስዳድ "ያላ፡ ቢታ ኳል ጀምሩ!" ክብል ግዒሩ ካብ'ታ ዳስ ወጺኡ ከደ። እቶም ተኣዘዝቲ ዝኾኑ ካልኦት ድማ ንሕርይቲ ክገብጥዋ ምእንቲ፡ ቀረብዋ።

"ክግረኻ... ኩሉ ስርሖም ናይ ኣረሚናት'ዩ። ፍጹም ናይ ሰብ ፍጥረት ኣለዎም ክብሎም ኣይክእልን ኣነ። ኣብዛ ዝበልካ ዳስ እትው ምስበልና፡ ደቒቕ ከይጸንሑ ኣብዛ ርእሰና። ሕሰቦ ክንደይ ሳህራ ኢና ተጓዒዝና። መግቢ የሉ፡ ማይ የሉ፡ ዕረፍቲ የለ...ፍጹም ከምሰብ ዝሓሰበካ የለን። ንሶም ሓንቲ ነገር'ዮም ዝሓስቡ - ገንዘብ! ሕጂ ኣብዛ ዳስ እትው ክንብል ሓደ ራሻይዳ ሓላፊኦም'ዩ መሰለኒ ምስ ጀምዓቱ ይመጽእ። መጺኡ ሕጂ 'ሱ ከምዝየለ የፈራርሓና! ኩልና ወላ'ቶም ዓበይቲ ኣውዳት ከይተረፉ ብፍርሒ ኣብ ንኣትዎ ጠፊኡና። ድሓር እሰርዎም ምስ በለ ብኣይ ይጀምሩ፥ ሓደ ካብኦም መጺኡ ኑቲ ሰንሰለት ኣብ እግረይ ክኣስሮ ምስ ጀመረ፡ ፈንጠርጠር ኢለ። ድሓር እቶም ካልኦት ተሓዊሶሞ፡ ብዓረብ ከምዚ ጸርፊ ዝመስል ይዛራረቡ ነይሮም። ቁሩብ ብርትዕ ኢለ 'ኣይእሰርን'የ' ምስ በልኩ ሕጂ ሓደ ካብኦም እናጉየየ ደገ ይወጽእ..."

እቲ ደገ ዝወጸ እንታይ ኮን'ዩ ሒዙ ክምለስ? ንሕርይቲ ኣሻቃሊ ሕቶ ነበረ። በትሪ ኣብ ኢዶም ኣሎ፡ ሰንሰለት ኣብ ኢዶም ኣሎ፡ ካልእ ሓጺነመጺን ኣብ ኢዶም ኣሎ፡ ካብዚ ዝኸፍእሲ እንታይ ዝኣመሰለ መግረፊ ከምጽኡ'ዮም? እናበለት ድማ'ያ ዝተጸበየት። እቲ ብጉያ ዝወጸ ግን መግረፊ ዘይኰነ ሰብ ሒዙ'ዩ ዝተመልሰ፡ ሰብ ብሰቡ ድማ ኤርትራዊ ወይ ኢትዮጵያዊ ምኻኑ መልክዑ ዝገግረሉ መንእሰይ።

"መን'ዩ'ሞ ስምኪ?" ብቛንቋ ትግርኛ ሓቲትዋ እቲ መንእሰይ። "ሕርይቲ!" መለሰትሉ። "እንታይ ኲይነ ኢልኪ ድኣ ምእሳር ትኣብዩ? ሕጂ ሕጂ ክትሞቲዶ ትደልዪ ኢኺ?" ዓይኒ ዓይና እናጠመተ፡ ከቢድ ሕቶ ሓተታ።

"እሞ ኣነ ወላ ረኣየ እግረይ ህርምቲ'የ ኣይክእልን'የ!" ኒታ በሰላ ዝሓዘት እግራ ኣርኢያቶ።

"ለኸብጥ- ሓሳዊት! ሕጂ ዘረባ ኣይትግበሪ! ሕጂ ቃል እንተኣውጺእኪ ክመውት'የ ዝደሊ ኢልኪ ትግርኒ ኣለኺ፡ ከም ማለት'የ ዝቑጸሮ? ተረዲኡኪ?" ኣፈራሪሓዋ።

"ኢታ ሓወይ! ንስኻስ ቛንቛይ ትዛረበን ንዓይ ትመስለን ኢኻ፡ ክትርድኣኒ ትኽእል ኢኻ፡ በጃኻ! በጃኻ ኣነስ ኣብ ኩናት ዝተወጋእክዋ እግረይ'ያ ጸጸኒሓ ስለትረክስ ሓጺን እንተተኣሲራ፡ ጸገም ኪጋጥመኒ'ዩ!" ለሚናቶ።

"ኣቲ ሰቕ እስከ በሊ! ናይ ምንታይ በጃኻ መጃኻ ትብልኒ ንዓይ! እዚ'ኳ እንዳ በጃኻ ኣይኰነን። እዚ እንዳ ሞት'ዩ፡ ኣበይ ከምዘለኺ ረሲዕክዮ ዲኺ? ዕድለኛ ኰይንኪ እቲ ሓላፊ ኣብዚ ኣይጸንሐን እምበር፡ ያላ ኣብ ላዕሊ ሰቒልኩም ብኣእዳዋ ኣንጠልጥልዋ" ኢሉ ምኣዘዘ ነይሩ፥ ሕጂ ኣፍኪ ሓዚ፡ ካልእ ከይመጸኪ።

ሕርይቲ ርዒዳ። ግናስ ብዛዕባ እግራ ገዲፋ ናብ ካልእ ጉዳያ ሰገረ።

"ኢታ በል ጥንስቲ'የ። ወላ ርኣየ ከብደይ፡ ጥንስቲ'የ። ጥንስቲ'የ እናበልክዎም'የ መጺአ። ወላ ነዞም ኣሕዋተይ ሕተቶም! ኩሎም ደፈልጡ'ዮም"

እቲ መንእሰይ ስሒቑ። "ጥንስቲ'የ ዲኺ ኢልኪ? እንታይ ኣለኪ ደኣ ኳሊይ ናብዚ መጺእኪ? ንሕና ንፈልጥ ጥንስቲ ግዜ ሕርሳ ክሳብ ዝኣክል ኣብ ገዛ ኮፍ ትብል! ንስኺ ዝገበርክዮ ግን "

"በጃኻ'ዚ ሓወይ ኣነ ባዕለይ ኣይኰንኩን መጺአ። ካብ ገዛይ'ዮም ሰሪቖምኒ። ኣታሊሎምኒ!"

"ይኣክል! ገጽ ኣርእየኪ ሸቢዕኪ ምሸ! እዚ ሰናይ'ዩ! ሰናይ ከመይ ከምዝኾነ ኸኣ ክትርእዮ ኢኺ! ያላ እሰርዋ! እንተኣብያ ኸኣ በልዋ፡ ጀፍጅፍዋ!"

ንሱ'ውን ኣዘዘ።

እዚ ምስኾነ እቶም ካልኦት ዳግማይ ኣብ እግራ ቀረቡ። ብዙሕ እናለመነትን እናኣእወየትን ድማ ብሰንሰለት ተመቑሐት። ሕርይቲ ምስፈጸመት እቶም ካልኦት'ውን ተራኦም ተጸበዩ። ነፍሲወከፍ ግዳይ በቲ ረጉድቲ ሰንሰለት እንክምቛሕ ዘስመዖ ዝነበረ ደሃይ፡ ብቓናኡ ጥራይ'ኳ ከብድኻ ዝበልዕ ነበረ። እቲ ሰንሰለት ናይ ምምቛሕ እብረ ምስ ተፈጸመ፡ ዝሰዓበ እብረ፡ ዝሓሰመ ኰነ። ካብ ዝኽሪ ሕርይቲ፡ "ኣነስ ሰንሰለት ምስ ኣሰሩና ዝገደፉና'ዩ መሲሉኒ። ንሶም ግን እቲ ብሰንሰለት ምእሳር ከም መጀመሪ'ዮም ዝሓሰብዎ። ካብኡ ንኹልና እሰር ኣቢሎም ምስ ወድኡ፡ ዓይይብለይ ሰኒብለይ በቲ ዱላታቶም! በቃ ከመይ ይሃርሙኻ ፍጹም ኣይሓስብዎን'ዮም። ወላ ከምዝተረደኣኒ እዉን ክሃርሙኻ ኸለዉ ፍጹም ኣይፍለጦምን'ዩ። ምስ ውነኦም ዘለዉ ኹይኖም ኣይስምዓካ'ዩ። ከም'ዚ ዝዓበደ ወይ ኣብ ሕማቕ መንፈስ ዝኣተወ ሰብ ዝገብሮ'ዩ ኩሉ ስራሖም። መን'ሞ ሸዑ ዘይበኸየ! እቲ ዱላ ነጊረካ'የ ክንዲ ጉንዲ ናይ ሓደ ቀጢን ገረብ'ዩ ዝመስል። እንታይ ዓይነት'ዩ ኸኣ ኣይፈልጥን ካብ ውሽጥኻ ከምትሳቐ'ዩ ዝገብረካ። ኣነ ሕጂ ገሪሙኒ። ዘረባ የብሉ ሕቶ የብሉ፡ እንታይ ኰይኖም'ዮም ዝሃርሙና ዘለዉ፡ እብል ብውሽጠይ። ግን በቃ ከምኡ'ዮም። እቲ ክሃርሙኻ ከለዉ ደስ'ዩ ዝብሎም፡ በቲ ሓደ ኸኣ ክድህሉና ዝድልዩ መሰለኒ..."

እቲ መግረፍቲ ብሓይሊ'ቦኦም ምስገበርዎ፡ እቶም ግዳያት፡ ክሞቱ ክሳብ ዝደልዩ ኾኑ፥ እቶም ገራፊ ድማ ብድኻም ዝኣክል ረሃጽ ጥብ ኣበሉ። ድሕሪ'ዚ ቀዳማይ እብረ መግረፍቲ ተዛዘመ። ኑቶም ገራፊ፡ ካልኣት ገራፊ ኣብረይዎም። እቶም ሓደስቲ ገራፊ ምስኣተዉ ድማ ዝተፈልየ ሜላ ኣርኣይዎም። ሕርይቲ፡ ብጽልኣት ዝኣክል ተጻጊማ ካብ ዘዕለለቶ፡

"ናይ'ቶም ቀዳሞት ከም ምሕላፋ ሓሊፉ። ሕጂ ዝኸፈአ እንታይ መጺኡ መሰለካ? እቶም ድሒሮም ዝመጹና፡ ሓድሽ ትእዛዝ ኣምጺኦም። ቅድም ብሕቖኹም ኲይንኩም ብጥንቅልዒት ኣብ ባይታ ደቅሱ ይብሉና። እናደፍኡን እናፈከሩን'ዮም ከምኡ ዝብሉኻ! ሕጂ ኩልና ጥንቅልዒት ምስኰንና ንኽፉእ ግብሮም በቲ ሓደ ጫፍ ጀሚሮሞ..."

ብሓደ ጫፍ ሕርይቲ ነበረት፡ በቲ ኻልእ ጫፍ ድማ እቲ ኣብ መገዲ ሰናይ ብዙሕ ዝተንከላበተ፡ ተኸለ። እቲ ሕሱም ተግባሮም፡ ካብ መግረፍቲ በትሪ ሓሊፉ፥ ኩቡዲ ናይ'ቶም ግዳያት ብምርጋጽ፡ ምጽዋት ኰነ። ነፍሲ-ወከፎም ድማ ኣኣብ ዝመቾኦም ኩቡዲ ብምድያብ ሰይሰይ ክብሉ ጀመሩ።

ካብኣቶም ሓደ ገዚፍን ሓጺርን ናብ ሕርይቲ ኣቢሉ መጸ። ኑቲ ሰልፋዕ ኣእጋሩ ምስጠመተት እምበኣር ዕሽል ኩቡዳ ክጨፍለቕ ስለዝተራእያ ብስቅቕታን ተሰፉ ምቑራጽን ተጸበየት።

ይቕጽል....



# ሕቶ ጥዕና

ታደሰ ተኽለ

## ክታብት ንፍዮ መንሽሮ የሕዊ - ቀንዕ ደዩ?




*ናይ ንፍዮ ክታብትስ ንመንሽሮ ከሕዊ ከም ዘኽእል ተፈሊጡ ዙብል ብማዕከናት ዜና ወጺኡ. ዝሰማዕኩ ማሰሉኒ። ተጋዋየ እንተኾይነ ኣይትተዓዘቡኒ። እቲ ዜና ከምኡ እንተኾይኑ ብዛዕባ እዚ ሰፍሕ ዝበለ ሓበሬታ እባ ጽሓፉለይ*

*በሸር ካብ ኣስመራ*

ናይ መንሽሮ ዋህዮታ ብቫይረስ ገደርካ ብምህራም ኑቲ ሕማም ምጥዓይ ይከኣል ይኸውን ዙብል ሓሳብ ሓያሎ ዓመታት ዝገበረ እዩ። ገለ ፈተነታት እውን ይግበር ነይሩ በሸር ከምቲ ዝሰማዕካዮ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት ኣብ ልዕሊ ሓንቲ 50 ዓመት ዝዕድሚኣ ሰታሲ ኤርሆልዝ ዝተባህለት ሕምምቲ ብቫይረስ ዝግበር ፍወሳ ተፈቲኑ ነይሩ።

እታ ሕምምቲ ኣብ ደም ብዝወጽእ ዓይነት መንሽሮ እያ ተታሒዛ ነይራ። እቲ ሕማም በርቲዕዋ ስለ ዝበረ ናይ ምሕዋይ ዕድላት ኣይነበራን። ማዮ ክሊኒክ ኣብ ዝተባህለ ናይ ኣመሪካ ትካል ሕክምና ዝተገብረ ፈተነ ነታ ሕምምቲ ብሓደ ግዜ ብዙሕ ናይ ንፍዮ ክታብት ቫይረስ ብሓንሳእ ወጊኦምዋ። ኣካላታ ኣዝዩ ደኺሙ ስለ ዝበረ ኑቲ ናይ ንፍዮ ቫይረስ ክዋግኦ ኣይከኣለን። እቲ ናይ ንፍዮ ቫይረስ ብቐጥታ ኑቲ ኣብደማ ዝበረ ክንሰር ብምጥቃዕ ካብቲ ሕማም ኣጽርይዋ። ክኢላታት ውጽኢት ክሳዕ ዝጸረ ብሸቕታ ድሕሪ ምጽናሕ ን ኣስታት 11 ኣዋርሕ ጥዕይቲ ኰይና ድሕሪ ምጽናሓ እዮም ኣቃሊሖምዎ።


*ኣብ ሓደ ግዜ ክንደይ ዓቐን ክታብት ከምዝተወግአት ከ ፈሊጥካ ዶ? ንዓሰርተ ሽሕ ሰባት ዝኣክል ክታብት እያ ተወጊኣ። እቲ ውጽኢት ንቐጻሊ መጽናዕቲ ተስፋ ዝሁብ ደኣ እምበር ናይ መንሽሮ ፈውሲ ተረኺቡ ማለት ኣይኮነን። ግና ሓደ ጽቡቕ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ።*

# ሓቕታ ኣሸጊሩኒ

*ኣብ ሰሳሳታት ዝርከብ ሰበይቲ እየ። ሓቕታ እናተመላለሰ ኣሸጊሩኒ ኣሎ። እንታይ ክትብሉኒ ትኽእሉ?*

*ትርሓስ ካብ ኣስመራ*






እቲ ዘሸግረኪ ሓቕታ ንኽንደይ ደቃይቕ ከም ዝጸንሕ እውን ኣይሓበርክን። ዝበዝሐ ተርእዮታት ሓቕታ ኣብ ውሽጢ ሓደት ደቃይቕ እዩ ዝጠፍእ። ናትኪ ቀኍብ ፍልይ ዙበሎ እምበኣር ምስ ሃድኣ እናተመልሰ ስለ ዝደጋገመመኪ እዩ። ሓቕታ ዝፍጠር ኣብ ጎረሮ ዝርከቡ ናይ ደምጺ ኣውታር (ገመድ) ብሃንደበት ክዕጸዉ እንከለዉ ብዝሁብዎ ደምጺ እዩ። እቶም ናይ ደምጺ ኣውታር ክዕጸዉ ዝጉበር ድማ ንኣፍልቢ ካብ ናውቲ ኩብዲ ዝፈሊ ድያፍራም ዝተባህለ ጭዋዳ ብሃንደበት ጸቒጢ ወይ ወጥሪ ክስመዮ እንከሎ ቅልጡፍ ትንፋስ ይፈጥር። እቲ ቅልጡፍ ትንፋስ ኣብ ጎረሮ ክበጽሕ እንከሎ እቶም ናይ ደምጺ ኣውታር ድማ ግስም ኢሎም ይዕጸዉ። እቶም ናይ ደምጺ ገመድ ክዕጸዉ እንከለዉ ዝፈጥርዎ ደምጺ ኸኣ ሓቕታ ንብሎ።

- በርበረ ወይ ቀመም ዝበዝሖ መግቢ
- ሕማቕ ተረር ሽታ
- ቀቅልጢፍካ ምኽሳስ
- ፍርሒ ዝኣመሰሉ ኣጋጣሚታት ሓቕታ ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም።

በዞም ጠንቅታት ዝጅምር ሓቕታ ቀልጢፉ ናይ ምህዳእ ዕድላት ኣለዎ። ኣብ ግዛ ብዘዮገር ኣተኣላልያ ደማ እቲ ሓቅታ ከም ዝሃስ ይፍለጥ።

ብልምዲ ሰባት ኣብ ግዛ ዝጉበርዎ ማከላከሊ ሓቕታ ብምጥቃም ከተሃግስዮ ትኽእሊ ኢኺ። ዝተፈላለየ ሜላታት ብምጥቃም ሓቕታ ናይ ምህዳእ ልምዳዊ ኣገባብት እኒ እንተሃለዉ፡ ዝኾነ ሰብ ጥዑይን ንጥዕና ዘይጎድእን ሜላ ክጥቀም ኣለዎ። ኣብኡ ብምሰንባድ ወይ ዘሰንብድ ነገር ብምዝራብ ካብቲ ሰብ ሓቕታ ከም ዝጠፍእ ምግባር ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብኢሪ ማይ ብቕልጡፍ ምስታይ እውን ነቲ ሓቕታ ከጋድዶን እቲ ሰብ ክሰገዶ ወይ ክሰርኽቕ ይኽእል እዩ።

ገለ ሰባት ሓቕታ ክሃድኣሎም ምእንቲ ሓንቲ ብኢሪ ማይ ቀልጢፎም ይጭልጥዋ። ካልኦት ድማ ሰብ ከሰንብዶም እንከሎ እታ ሓቕታ ከም ትጠፍእ ይሕበሩ። ሓደ ሓደ ሰባት ድማ ለሚን ብምቕራጽ ነኸሶም ይሕዝዎ። ቡታ ንእሽቶይ ማንካ ናይ ሻሂ ሽኮር ኣብ መልሓሰካ ምግባር እውን ንሓቕታ ከምተህድኣ ካልኦት ይሕበሩ። ሽኮር ፈውሲ ሓቕታ ከም ዝኾነ ንቑልዓ ምርኣይ ግና ሓቕታ ኩሉ ሳዕ እናበጋዕሰ ሽኮር ክቕበል ስለ ዝጉበሮ ምጥንቃቕ የድልዮ።

ካብ ሰለስተ ሰዓታት ንላዕሊ ዝቕጽል ሓቕታ ወይ መዓልታዊ ንሓያሎ ደቃይቕ ዝመላለስ እንተኾይኑ ግና ማጠሊ ጠንቂ ክኸውን ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ስለ ዘለዉ መርመራ ምግባር ኣድላዪ እዩ።

- ናብ ድያፍራም ዝራኸቡ መትንታት (ነርቭ) ክሓሙ እንከለዉ።
- ሓያሎ ምስ ሓንጎል ዝተተሓሓዙ ጥዕናዊ ጸገማት ተፈጢሩ ከይህሉ
- ድቃስኪ ዝርብሽ እንተኾይኑ፡
- ብሓኪም ዝተኣዘዘ ናይ ካልእ ፈውሲ ትወስዲ እንድሕር ሃሊኺ፡ ናብ ሆስፒታል ብምኻድ መርመራ ክትገብሪ ዝበለጸ እዩ።

# ማይ ኣብ ዝዘሰትየሉ ግዜ ውግኣት ይሕዘ

***ጓል 13 ዓመትየ። ቅድሚ ሕጂ ማይ ክሰቲ ከለኹ ኣብ ኩበደይ ከም ውግኣት ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝጸንሕ በሊሕ ቃንዛ ይስመዓኒ ነይሩ። እቲ ቃንዛ ንሓጺር ግዜ እውን ስለ ዝኾነ ኣየቃልበሉን ነይረ። ንወለደይ ነጊረዮም። ካብ ጹሓይ እናገየኺ መጺእኪ ቀልጢፍኪ ማይ ኣይትሰተዩ ኢሎምኒ። ሓደ መዓልቲ ግና ማይ ምስ ሰተኹ ዝጸዋተይ ኣጥፊአ ንኽንደይ ዝኣክል ከም ዝጸናሕኩ ኣይፈለጥኩን። ክብራብር ከለኹ ኣደይ ሓቝፋትኒ ነይራ። ከምዚ ካብ ዝጉበረኒ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። ግና እንታይ ትመኽሩኒ?***

***ኤደን ካብ ኣስመራ***

ዝኸበርኪ ኤደን ንኹነታትኪ ዝምልከት ጽሑፋት ብዙሕ ደሊና ግና ክንረክብ ኣይከኣልናን። ማይ ምስታይ ኣብ ሃለፍታ ከም ዘእቱ ዘረድእ ሕክምናዊ ጸብጻብ ኣይረኸብናን።ኣብ ኣስመራ ስለ ዘለኺ ምኽሪ ክትረኽቡሉ ትኽእሊ ሆስፒታላት ኣሎ። ስለዚ ናብ ሓኪም ምስ ከድኪ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዘተሰማዓኪ ስምዒታት ኣጸቢቕኪ ንገርዮ። ምሳኺ ድማ ዓቢ ሰብ እንድሕር ኣሰንዩኪ ዝበለጸ እዩ።

እቲ ናይ ገዛኹም ማይ ኣዝዩ ዝሑል ደዩ ኣይኮነን? ማይ ጋዛ ደዩስ ማይ ጥዑም? እቲ ከምኡ ዝጉበረኪ ኣብ ግዜ ጹሓይ ወይ ሃሩር ስለ ዝበረ እንተኾይኑ ወይ ኣብ ግዚ ቁርሲ ከምኡ ኣጋጢሙኪ ዶ ይፈልጥ? ካብ ኣሕዋትኪ ተመሳሳሊ ኩነታት ዝጋጠሞ እንተሃልዩ? ጥምጥም ኣብልኪ ክትሰትዪ ከለኺ ደዩ ከምኡ ዝገበረክስ ዋላ ቀሲይ ኢልኪ እንተሰቲኺ? ማይ ጥራይ ደዩ ከምኡ ዝጉበረክስ ወይ ኮካን ሰዋን ዝኣመሰለ? ካብ ዘይምለሰኪ ልዕሊ ዓመት ሓሊፉ ኣሎ። እንታይ ጥንቃቐ ስለ ዝገበርኪ ከም ዝኾነን ዝኣም ዝምልከት መልሰታት ዘርዚርኪ ኑቲ ሓኪም ኣረድእየ።

ናብ ሓንጎል ዝድየብ ደም ብሃንደበት ክንክይ እንከሎ እቲ ሰብ ሃለፍ ክ ብ ሎ ይኽእል። ናብ ሓንጎል

ዘውሕዝ ደም ከም ዝንክይ ወይ ንሓጺር ግዜ ከም ዝቋረጽ ዝጉብሩ ሓያሎ ምኽንያታት ኣለዉ። ስርዓተ መትኒ ንሓጺር ግዜ ሃንደበታዊ

ፅንቅፋት ኪጋጥሞ እንከሎ ህርመትን ልብን ድፍኢት ደምን እውን ክትንከፉ ይኽእሉ። ዘፍርሕ ዘሰንብድ ትርኢት፡ ሓያል መቐት፡ ሃንደበታዊ ቃንዛ ኑቲ ልብን ድፍኢት ደምን ዝቈጻጸር ስርዓተ መትኒ ንሓጺር ግዜ ፅንቅፋት ይፈጥረሉ። ድፍኢት ደም እዝዩ ክትሕት እንከሎ ድማ ኣቲ ሰብ ሃለፍ ይብሎ፡ ወይ ቀልቡ ንሓጺር ግዜ የጥፍእ። ህርመት ልቢ ኣዝዩ ምስ ዝትሕት እውን ዋሕዚ ደም ሓንጎል ስለ ዝንክይ እቲ ሰብ ኣብ ሓጺር ሃለፍታ ኣትዩ ይቕልዓጽ።



ዝኸበርኪ ኤደን ናትኪ ኩነታት ምስ ማይ ንምንታይ ዝተታሓሓዘ ኩይኑ ክትፈልጢ ትኽእሊ ናብ ሆስፒታል ኬድኪ ምስ ትምርመሪ እዩ።

# ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

ዛንታ

## ኪኖ ምሕዙት

ደድሕሪ ንዋታዊ ሓጎስ ክትህውትት ኑቲ ሓቀኛ ሓጎስ ሂወት እንተኸሰርካዮ፡ ናብቲ ህልው ክውንነት ንኽትምለስ ከቢድ ዋጋ'ዩ ዝሓተካ። ኑቲ ሃብቲ ደሊኻ ከተካይዶ ዝጸናሕካ ጉያ ጠንጢንካ፡ ዘቐንእ ፍቕሪ ንኽትምስርት ዝሓተካ ጻዕሪ ቀሊል ኣይኮነን።

ምናልባት ዘየስተውዓልኩም ክትተኩ ትኽእሉ ኢኹም። የግዳስ ኣብ ሂወት ንፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ኣንፈት ጉዕዞ ሂወቱ ዝልውጡ ኣጋጣሚታት መለኣምየም። እቶም ደቀቕቲ ነገራትን ንኣሽቱ ውሳኔታትን ደማ'የም ንሂወት ዘማእዝኑ ዓበይቲ ለውጢታት ዝፈጥሩ። እዞም ዓበይቲ ለውጢታት ብግደኦም ሕሉፍና ምስ ህልው ኩነታት ክተሓዋወስ እንከሎ'የም ዝፍጠሩ። ሕጂ'ምበኣር፡ ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ናይ ቀደም መማህርተይ ዝወሰድኩዎ ግጉይ ውሳኔን ንምእራሙ ዝሓለፍኩዎ ሓርንጸንጸን'የ ከዕልለኩም።

ካብ መጀመርታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ዝበርከሉ እዋን፡ ሓያልን ተፈራሕትን መንእሰይ ክኸውን'የ ዝደሊ ነይረ። ኮሌጅ ምስ ኣተኹ ግን፡ ኣብ ዓለም ዝሰብተመ ሰብ ክኸውን ተመነኹ። ናይ ኮሌጅ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ድማ ገንዘብ ከዋህልል ለይትን መዓልትን ክሰርሕ ጀመርኩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ድሌት ኩሉም መማህርተይ ናይ ስራሕ ዕድል ክኸውን እንተክኣለ፡ ናተይ ሓሳብ ግን ገንዘብ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ልዕሊ ኩሉ ነገር ኣብልጽ ብዛዕባ ገንዘብ ዝሓስብ ኣነ ጥራይ'የ ነይረ።

ድሕሪ ሓደ ዕቑድ ግን፡ ክሳብ ክንደይ ከም እተጋገኹ ኣስተውዓልኩ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ እቲ ክዕብሮ ዝደለኹ ነገር ፈጺመዮ'የ። ዝኣክል ገንዘብ ከዋህልል በቒዐ። ኣብ ጉዕዞዚ ሓደ ዕቑድ ግን ኑቲ ኣዝዩ ዘገድሰኒ ነገራት ብምሉኡ ከሲረዮ'የ። ኣብ ክንዲ እሙናት ኣዕሩኽ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ'የ ኣጥርየ። ንምዝናንዕ ዝኸውን ናጻ ግዜ ኣይነበረንን።

ኑቲ ኣብ መንጎ ሓጎስ፡ ጸወታን ስራሕን ዘሎ ማሰመር ክፈሊ ዘይክእል ሰብ ምኻነይ ኣጥዒሰ።

ቅድሚ 6 ኣዋርሕ ኣቢሉ፡ ብኣሰልካዩ ናይ ስራሕ ኣኼባ ዘገ ኢለ ደኺመ ኣብ ዝበርከሉ፡ ህልው ኩነታተይ ኣጽሊኡኒ፡ ሂወተይ ክልውጥ ክቱር ድሌት ኣሕዲረ ነርኩ። ምኽንያቱ ንኽሉ'ቲ ዝሓለምኩዎ ክጭብጦ'ኳ እንተኸኣልኩ፡ ዳርጋ ንኹሉ'ቲ ዘገድሰኒ ነገራት ግን ከሲረዮ ነርኩ።

ናይ ሕሉፈይን መጻኢየይን መናፍስቲ በበመገዶም ይኹሕኩሑኒ ስለዝነበሩ፡ ምስ ኣዕሩኽተይ ክዕረቕ ምሓር ተሃንጠኹ።

ካብ'ቲ ብስራሕ ከይደዶ ዝቐንኹ መገሻይ ምስ ተመለስኩ፡ ንገለ ካብ'ቶም ምሳይ ርክብ ዘይብሎም ሓደት ኣዕሩኽተይ ተሌፎን ደዊለ ተኣኪብና ክንጻወት ምስ ሓተትኩዎም፡ ክኣምኑኒ ኣይከኣሉን። ኑቲ ናይ ግዜ ቁልዕነትና ኣልዒለ ምስ ኣዕለልኩዎም ግን ኣዝዮም ተሓጉሱ።

ምስ ኣዕሩኽተይ ቀዳም ምሸት ተኣኻኺብና ክንዘናጋዕ ኢና ተሰማሚዕና። እዚ ናይ ምዝንጋዕ መደብ'ዚ ኑቶም 8 ኣዕሩኽተይ፡ ወርሓዊ ስለዝራኸቡ ዋላ ሓንቲ ኣይመሰለምን። እንተ ንዓይ'ሞ፡ ክሳብ ክንደይ ትርጉም ከም ዝሀበ ባዕለይ ጥራይ'የ ዝፈልጦ።

ቀዳም ንርእሳ ክትብል ደቦኸ በለት። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ንፈለማ ግዜ ባድላይ ኣውጺአ ቲሸርትን ጃንስን ተኸዲነ ኣብ ቦታ ቖጸራ ተረኸብኩ።

ቅድሚ ሰበይ ኣብ'ቲ ቤት መግቢ ስለዝበጻሕኩ፡ ምናልባት ዝቐደሙኒ ከይህልዉ'ሞ ጥጽዮም ከይክውን ብምስጋእ የማን ጸጋመይ ኣቕባሕባሕኩ። ደሓር ግን ጸቡቕ ገይረ ዝዘከርን ኣዝዩ ዝናፈቕኩዎን ገጽ ሓደ ዓርከይ ረኣኹ። "ጆን፡ ኣታ ወዲ ሕንጊድ. . ." ሰም ብዓውታ ተዳሀየ። ኣነ'ውን "እሂ'ታ በዛም ዓርከይ፡ከመይ ትኸውን!?" በልኩዎ ኣእዳወይ ዘርጊሐ እናሓቘፍኩዎ። ንዊሕ እዋን ተሓቛቚፍና ድሕሪ ምስዓዓምና፡ "ኩሎም ኣዕሩኽትና ይመጽኡ ኣለዉ፡ ሻውንን ዓሊን ብመኪና ሒዞሞም ይመጽኡ ኣለዉ" በለኒ።

"ጸቡቕ. . ." መለስኩ። ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ኣቢሉ፡ ካብ'ቲ ማሰጢኒ ዝጸንሐ ዕላል ሳዕ
ስ መ ይ
ረ ቕ ሐ
ብዘዮጭድር ናይ
እኩብት ሰብት ድምጺ ተፈላለኸ። ኩላቶም እናተጸቃቐጡ መጺኦም ሓደ ድሕሪ ሓደ ክስዕሙኒ እንከለዉ፡ ኣብ መንጎኦም መልክዖም ክዝክሮም ዘይክኣልኩ ገለ ብጾት ኣስተውዓለ ሕፍረት ተሰምዓኒ።

ሻውን፡ ሳም፡ ሪቻርድ፡ ዓሊ፡ ከምብርሊ፡ ሜሪ፡ ብሪታኒ. . . ሰዓቶም ኣኽቢሮም ተረኸቡ። ኩላቶም ብዙሕ ለውጢ ኣየርኣዩን፡ ዓበይቲ ሰባት ጥራይ ኮይኖም።

"ታንያ ንእሽቶ ስራሕ ሒዛ ስለዝጸንሐት ቀስ ኢላ ከተርክበና እያ" ከምበርሊ ብድኑብደቡ ሓበረትና።

ኣብ'ቲ ካብ ሰዓት ዘይሓልፍ ግዜ ብዛዕባ መማህርተይ ብዙሕ ነገር ፈለጥኩ። ገሊኦም ተመርዕዮም ክወልዱ እንከለዉ ሓደ ካብኣቶም ድማ ተሓጽዩ ነበረ።

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፡ ሓንቲ ጽብቕቲ ጓል ናጓና ገጻ ክትመጽእ ኣስተውዓልኩ። ኩላቶም ብኢዶም ምልክት ክህቡዋ እንከለዉ ኣነ ግን. . .

"ጆን. . .! እውይ ኣነ. . .! ፈጺምካ ካልእ ሰብ እንዲኻ መሲልካ ድኣ!" ምስ በለትኒ ኣተኩረ ጠመትኩዋ። ታንያ እያ ነይራ። ታንያ ብስመይ ዝጸውዓትኒ ግዜ ኣይዝከረንን። ሎሚ ግን. . . ክንደይካ ትጽብቕ ኮይና ሎምስ!? ካልእ ግዜ 'ደንቆሮ' እናበለት'ያ ትጸዋዓኒ ነይራ።

"ኣታ ደንቆሮ፡ ብዙሕ እንዲኻ ድኣ ተለዊጥካ" ሕጂ'ውን ኣይረሰዓቶን።

"ንስኺ'ውን ዓቢ ለውጢ ኢኺ ኣርኢኺ"

"ምሽዶ? ደንቆሮ. . . ማስተ ኣዚዘኩምለይ ክትተኩ መቸስ ተሰፋ እገብር" በለት ናብ'ቶም ካልኦት እናጠመተት።

ታንያ ኣእዳዋ ኣብ መንከብይ ሰቒላ ኣብ ጎድነይ ተቐመጠት። ኢዳ ኣብ መንከብይ ምስቃላ ብዙሕ ዝተገደሰትሉ ኣይትመስልን። እንተ ኣነ'ሞ ንምንታይ ምኽኣ ኣይፈልጥን ተረቢጸለ። ሓቒፋ ምስዖማ ከይኣኽል ኢዳ ኣብ መንከብይ ምስቃላ ግና ቁሩብ ኣሕፈረኒ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ባህ ዘብል ስምዒት ወሪሩኒ ነበረ።

መንጋጋይ ክሳብ ዘሶማዒ ምሉእ ምሸት ክስሕቕ'የ ኣምሰዩ። ኣምሲዮኡ ኣብ'ታ ትሰዕብ ቀዳመ ሰንበት ክንራኸብ ተቛጺርና ተሌፎን ተለዋወጥና። ደጊምሲ ቖጸራይ ዝጠልመሉ ምኽንያት የብለይን።

"ሪቻርድ፡ ገዛይ'ባ ኣብጽሓኒ። መኪና ኣይተማላእኩን ብታክሲ'የ መጺአ" በለት ታንያ ብሓውሲ ትእዛዝ፡ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጽኣለይ ኣይፈልጥን "ኣነ ዘየብጽሓኪ፡ ዝሰርሖ ነገር ስለዘይብለይ ኣይትሰከፊ" በልኩዋ።

"ካብ በልካስ ሕራይ. . ." ሰላቢ ፍሽኽታ ኣሰንያ መለሰትለይ። ኪኖ ናይ በራ ድፍኢት ዝኸይድ ገለ ነገር ግዲ ርእየምለይሰ፡ እቶም ኣውዳት ከይተረፉ'ዮም ብፍሽኽታ ጠሚቶሙኒ።

ምስ ኣዕሩኽተይ ስለዝተዓረቕኩ ሕሉፍ ሓጎስ ይሰምዓኒ ነበረ። እንተኾነ ግን ህላወ ታንያ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣዕናዊ ነበረ። ኩላትና ተሓቛቚፍና ብምስዕዓም ምስ ተሰናበትና፡ ኣነን ታንያን ናብ መኪናይ ደየብና። እናዕለልና ከይተፈለጠና ከኣ ኣብ ኣፍደገ ገዛኣ በጻሕና። ኩነታታ እንተረኣኹዋ ግን እቶ ትብለኒ ኣይመስልን ኣይበለትንን'ውን።

"ጸባሕ እንታይ ኣሎካ?" ብዘይምውልዋል ሓተተትኒ።

"እንታይ ማለትኪ'ዩ?"

"ማለተይሲ፡ ካብ ዘይንራኸብ ነዊሕ'ዩ ኮይኑ። ኣነ ከኣ ጸባሕ ናጻ እየ። ስለ'ዚ ክንራኸብ ንኽእል እንተኾና ክፈልጥ ደልየ'የ። ጸባሕ ናጻ ዲኻ? ሓንሳብ'ስኪ ጸናሕ፡ ዓርኪ ኣላትካ ድያ?"

"ኣይ. . . ኣይፋሉን፡ ዓርኪ ትብሃል የብለይን" ከይተፈለጠኒ ወታእታእ በልኩ።

"ሕራይ'ሞ፡ ጸባሕ ገዛኻ ክመጽእ'የ" ኢላትኒ ካብ መኪና ወረደት። ኣነ'ውን ደድሕሪኣ ወሪደ ኣርከብኩዋ። ንነውሕ ዝበለ ግዜ ተጠማጢምና ድሕሪ ምጽናሕ ዓይኒ ንዓይኒ ተጠማመትና። ኪኖ ምሕዙት ዝኸይድ፡ ከም'ዚ ኢለ ክገልጾ ዘይክኣልኩ ሃዋህው ኣብ መንጎና ነገሰ።

"እዚ ኩሉ ዓመታት ናይ ብሓቂ ከም ዝናፈቕኩኺ ሕጂ'የ ኣስተውዒለ። ኣዚኺ ኢኺ ሸኩርኪ ታንያ!" ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ ስምዒት ልበይ ገለጽኩላ።

ኣብ'ታ ህሞት እቲኣ ንዓኣ'ውን ውዕውዕ ስምዒት ወሪሩዋ ብምንባሩ፡ መዓንገርታ ሕብሩ ክለዋወጥ ተራእዩ።



"ደንቆሮ. . ." ብምባል ፍሽኽታ ኣሰንያ ምዕዙርተይ ኣፍኩሳ ጠፍ ኣበለትኒ። ፍሽኽታኣ 'ኣየውርድ' እዩ ዘብል። "ጸባሕ የራኽበና" ኢላትኒ ንገዛኣ ኣትያ ክተብቅዕ፡ ፍሽኽታኣ ካብ ኣዒንተይ ኣይተኸወለን።

ገዛይ ክሳብ ዝበጽሕ ከም ዕቡድ ንዝረኸቡኩዎ ሰብ ፍሽኽ እናበልኩ'የ ከይደ። ኣብ መገደይ ንዝተዳነፈኒ ፖሊስ ትራፊክ ከይተረፈ'የ ከም ሓደ ዓሻ 32 ኣስናነይ ክሳብ ዝረኣ ስሒቐዮ ሓሊፈ።

ገዛ ኣትየ ዳርጋ ሰለም ከየበልኩ'የ ሓዲረ። ንሽጉስ ብምትንሳእ ድማ ናብ ታንያ ደዊለ ንኣስታት 2 ሰዓት ኣዕለልኩዋ።

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣቢላ ገዛይ ምስ በጽሐት፡ ኣብ'ቲ ክፍሊ ዝነበረ ብርሃን ብምሉኡ ናብኣ ዘዕለል ፍሉይ ሓይሊ ዘለዋ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ምኽንያቱ እቲ ብኣወታ ዝደገኑሕ ዝነበረ ድምቀታ፡ ኑቲ ክቡር መብራህቲ ገዛይ ኣልሚሱ፡ ኣኽሲል ብርሃን ጉዚፉ ነበረ። ኣብ ጥቓኣ ዝነበረ ኩሉ ነገር ደሚቑ ተራእየኒ።

ፒሳ ኣዚዝና ምሉእ መዓልቲ ካብ ገዛ ከይወጻእና ከዕልል ኢና ውዒልና። ብዛዕባ ስራሕና ተፈላሊና ዝሐለፍናዮ ውልቃዊ ሂወትናን ወኻዕ ክንብል መሪት ዓሪብና። ኣማሲያኡ ፊልም ወሲዕና ክንርኢ ጀመርና። በቲ ፊልም ተምሲጥና እንከሎና፡ ወዘቢ ኣጻብዕቲ ክልቴና ተተናኸፉ። እንታይ ክዕብር ከም ዝበረኒ ኣይፈለጥኩን። ከንሳሕብዶ ወይስ ብድፍረት ክቕጽል? ብወገና ዝገበረቶ ነገር ኣይነበራን። ኣነ ግን ብውሽጠይ ፍሉይ ባህታ ክወረኒ ተፈለጠኒ።

ብድሕሪ'ዚ ይትረፍዶ ኣብ'ቲ ፊልም ከተኩርሲ፡ የስተንፍስ ምንባረይ'ኳ ኣይዝከረንን። ንታንያ 'ኣትረርካ ሕቖፋ' ዝብል ስምዒት ብውሽጠይ ይደፋፍኣኒ ነበረ።

ኣብ ሂወትኩም፡ ሓደ ነገር ክትገብሩ እናደለኹም፡ ኣብ መንጎኡ ኩሉ ነገር ይተሓዋወሰኩም'ሞ ከይተፈለጠኩም ኑቲ ክትገብሩዎ ዝደለኹም ነገር ዝፈጸምኩምሉ ህሞት ኣጋጢሙኩምዶ ይፈልጥ? እምበኣርከስ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሃዋህው'የ ነይረ።

ዝኾነ ሓሳብ ክመጽኣለይ ኣይከኣለን። ስለዚ ብዛውሪ ናብ ታንያ ገጸይ ጠመትኩ። ኣዒንታ ገለ መልእኽቲ የመሓላልፍ'ኳ እንተነበረ፡ ኣነ ግን ክንብቦን ኣይከኣልኩን። ኣእዳወይ ካብ ኣእዳዋ ምስ ሰሓብኩወን ድንግርግር ኢሉዋ ተዓዚበኩ። ተቐላጢፈ ከኣ ተጠምጠምኩዋ። ኣብ'ዛ ሓጺር ህሞት ኣብ ኣእምሮይ ብዙሓት ሓሳባት ተመላለሰ፡ ኣብ ደመይ'ውን ማእለያ ዘይብሎም ስምዒታት ውሒዙ። ንታንያ ምስ ሓቘፍኩዋ ግን ኩሉ ነገር ድኣ ከም ዘይነበረ ኮነ። ሽዑ ፈጺሙ ባህታ ወረሰኒ፡ ኣብ ዘይፈልጦ መሳጢ ቦታን ሃዋህውን ብኽቱር ሓጎስ ኣንሳፈፍኩ። ልስሉሳት ኣጻብዕታ ኣብ ዝባነይ ክንቀሳቐሳ ተፈለጠኒ።

ደጊም ብዘይካኣ ኣብ ዓለም ዘገድሰኒ ነገር ኣይነበረን ግዜ'ውን እንተቖመ!

ኣእዳዋ ካብ ዝባነይ ኣውሪዳ ኣእዳወይ ብምጭባጥ ምዕዙርተይ ምስ ሰዓመትኒ ገጸይ ዘቃጽል ዋዒ ተሰምዓኒ። እዚ ስምዒት'ዚ ንዘልኣለም ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ተመነኹ። ተሓቛቚፍና ብፍቕሪ ክንምመቐ ቃል ዝበሃል ኣየምለቐናን። ምርድዳእና ግን ኣየቋረጸናን!! ብድሕሪ'ዚስ ንደቒቕ'ውን ትኹን ከይተፈላለና ብሰላም ተጓዒዝና።

### ዋዛ ፍቕሪ

ሓንቲ ጎርዞ ንሓደሽ ኣፍቃሪኣ፡ ናይቲ እትነብረሉ ኣፓርታማ ኣድራሻ ብቴሌፎን ክትሕብሮ ደልያ፡ "ኣብ'ቲ ዝነበረሉ ገዛውቲ ምስ በጻሕካ፡ ናብ ኣፓርታማ 14A ትመጽእ፡ ብድሕሪኡ ቁጽሪ 14A ብኩርናዕ ኢድካ ትጸቕጥ። ማዕጾ ምስ ተኸፍተልካ ኣብ የማናይ ጸጋሚ ሊፍት ክትረክብ ኢኻ፡ ኣብ'ታ ሊፍት ምስ ኣቶኻ ከኣ ብኹርናዕ ኢድካ ቁጽሪ 14 ጠውቕ። ካብ'ታ ሊፍት ምስ ወጻእካ ንጸጋምካ መደቀሲየይ ክትረክብ ኢኻ፡ ሕጂ'ውን ብኹርናዕ ኢድካ ካምፓኔላ ምስ ጠወቕካ ባዕለይ ማዕጾ ክኸፍተልካ'የ" በለቶ።

ወዮ ወዲ ብሓበሬታኣ ተገሪሙ፡ "ፍትውተይ፡ ዝሃብክኒ ሓበሬታ ንጹር'ዩ። ሓደ ነገር ግን ኣሎ ዘይተረድኣኒ፡ ስለምንታይ'የ ኑተን መላገም ብኹርናዕ ኢደይ ክጥውቐን ዘድልየኒ?" ክብል ተወከሰ።

ጓልየት ከኣ ትቕብል ኣቢላ፡ "እዋእ! ጥራሕ ኢድካ ዲኻ ክትመጽእ ደሊኻ?" ብምባል ህያብ ሒዙ ክመጽእ ከም ዘለዎ ኣዘኻኺራቶ ይበሃል።

ዳሃብ ዳዊት

Congratulations!

CONGRA

ብ ዕለት 18/5/2014
ቃል ኪዳን
ዝኣሰርኩም
ኣቶ ፊልሞን ግደ
ምስ
ወ/ት እልልታ መስፍን
እንቋዕ ኣብቃዓኩም እናበልና፡
ፈረይትን ጸገይትን ክትኮኑ ንምነ!!
ኣደኹም ንግስቲ ተስፋሃንስ ምስ
ኣሕዋትኩም ሑሩይ መስፍን
ኢትባረኽ መስፍን
ሰናይት መስፍን



ር ሑ ስ
ጋሜ

ብ ዕለት
18/05/2014
ቃል ኪዳን
ዝኣሰርኩም

ኣቶ ኣለክሳንደር ገብረእግዚኣብሄር
ምስ
ወ/ት ሳምራዊት ጎይትኦም

እንቋዕ ኣብቀዓኩም እናበልና ፈረይትን
ጸገይትን ክገብረኩም ንምነ።

ወለድኹምን መሳርሕትኹምን
ፈተውትኹምን




ውድድር ስእሊ ፎቶ-ግራፍ!!!

ብስራት ንተዋዳደርቲ ስእሊ ብፎቶ-ግራፍ!

ሚኒስትሪ ዜና ጨ/ስእሊ፡ ብምኽንያት ፌስቲቫል ንቱሪዝማዊ ጸጋታት ኤርትራ፡ ብሄራት፡ ቅርጺ-መሬት፡ ባህልን ልምድታትን፡ ያታዊ ክብርታትን ኣብ ዝብል ቴማ ንኽትሳተፉ ብኽብሪ ይዕድም።

1. ነፍሲ-ወከፍ ተወዳዳሪ 3 ስእሊ 30x40 C.m ዓቐን ዘለዎ፡ ምስ ኦርጂናል ኮፒ ብC.D ተሰንዩ ይቐርብ፡
2. ንውድድር ዝቐርቡ ኣሳእል ዘይተተንከፉ (ዘይተመስርሑ) ክኾኑ ይግባእ፡
3. ኩሉ ንውድድር ዝቐርብ ኣሳእል ንብረት ሚኒስትሪ ዜና ክኾኑ፡
4. ንዕውታት ተወዳደርቲ
   1ይ 30.000.00 ናቕፋ
   2ይ 20.000.00 ናቕፋ
   3ይ 10.000.00 ናቕፋ ሽልማት

ተዳሊዩልኩም ኣሎ።

እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ክሳብ መወዳእታ ሓምለ 2014 ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ጨንፈር ስእሊ ክተረክቡ ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ቴሌፎን 115698/201820 ደዊልኩም ተወከሱ

ሚ/ዜና ጨ/ስእሊ

ጣሕታ
ጣኽኒካ ሞያዊ ስልጠና ኤለክትሮኒክስ

ሎሚ'ዉን ካብ ቅድም ብዝበለጸ ብምኩራት መምህራንን ብዘመናዊ መሳርሒታትን ብኽልስ ሓሳብን ግብርን በዞም ዝስዕቡ ሞያታት ስልጠና ንምሃብ ሓድሽ ምዝገባ ጀሚሩ ከም ዘሎ ብሓጎስ የበስር።


እንዝዞ ስልጠና፥
መሰረታዊ ኤለክትሮኒክስ - (ጽገና ሬድዮ፥DVD:TV & LCD): ኤለክትሪሲቲ - (ምጥምጣም ትራንስፎርመር፥ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ ኣብ ገዛውቲን ሞተረታት)-መሰረት ጸሓያዊ ጸዓት - (SOLAR ENERGY BASIC) ምትካል ምጽጋን - ጽገና ሞባይል ተሌፎን (Software & Hardware): ጽገና ኮምፒዩተር(Computer Maintenance): Computer Software & Prgramming: Automechanic (Mechanical & Electrical)

ኣድራሻና፥ ከባቢ ቻሌያ ኣውቶቡስ ቁጽሪ 9 ደው ትብለሉ፥ ጎደና ሰኸይቲ ቁ.ገዛ 112
MOBILE:07132007 TEL:08200356

ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ
PAULOS LANGUAGE SCHOOL

to listen, speak, read & write English

ቤት ትምህርቲ ጳውሎስ ክረምታዊ ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን በብደረጅኡ ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣዳልዩልኩም ከም ዘሎ የበስር።
ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና፡ ክላስ ዝጅመረሉ ድማ 27/06/14 እዩ።
ኣድራሻና ከባቢ ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፡ ኂ ፎቶ ሉቃስ እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ 112001/ 07138748 ወይ 07137056 ተወከሱ።







ብሃረቱ ንቲክሰሃሃርዝ ዓስርቲ ሓደ (11ᵀᴴ)

BASIC HIGH SCHOOL AGRICULTURE ዘርእስቱ 1ይን 2ይን ክፋላት ዝሓዛ መጽሓፍቲ ብተመሃሮን መምህራን ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ ዝለዕለ ኣድናቖት ዝረኸባ ብፍላይ ድማ ንተፈትንቲ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዘበርክታ መጽሓፍቲ ኣብ ኩለን ስተሽነሪታት ኣስመራን ከረንን ይርከባ።

ቀንዲ ብልጫኦን ድማ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ብዝቐለለ ኣገባብ ብምቕራብን ብተወሳኺ ንኑብስኻ ንምምዛን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ሸሞንተ ዓመት ናይ ማትሪክ ሕቶታት ምስ መልሱ ዝሓዛ እየን።

ንዝያዳ ሓበሬታ 07269756 ተወከሱ።




# "ኣብ ቦሎኛ ተወዲቦም፡ ናብ ሜዳ ኣትዮም ዝተሰውኡ ጀጋኑ ውሉዳት ኣይኮኑን'ሞ፡ ክብርን ሞገስን ንዓኣቶም ይኹን!" ወይዘሮ ታቦቱ

<u>ሞገስ ሃይለ</u>

***ቅንያቱ ቅንያት ዝኽሪ ፈስቲቫል እዩ። ተራ ፈስቲቫል ዘይኮነ ፈስቲቫል ቦሎኛ። እቲ ዝኽሪ እውን ብኡ መጠን ተራ ዝኽሪ ዘይኮነ ዝኽሪ ናይቲ ኣብታ 'ኤውሮጳዊት ናቕፋ' ክትበሃል ዝምሕረላ ከተማ ቦሎኛ ዝካየድ ዝነበረ ተጋድሎ። ከተማ ቦሎኛ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኤርትራውያን ሃገራውያን ተኣኻኺቦም ሓድነቶም ዘሕይሉሉ፡ ብዓቢኡ ድማ ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብተባዕት ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣንጻር ጸላኢ ዝግበር ዝነበረ ጥምጥም ንኽጽንዑ፡ ሞራላውን ፈናንስያውን ደገፍ ዝህቡሉ ባይታ ከፊታ ብዘገበረቶ ሪዚን እንግዶት፡ ውዕለታ ታሪኻውን ዘይርሰዕን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ብምኽንያት መበል 40 ዓመት ዝኽሪ ናይቲ ፈላሚ እንግዶት፡ ኣብ ከተማታት ኤውሮጳ ኮይኑ ምስ ዝጋደሉ ዝነበሩ ዜጋታት ገለ ዕላላት ኣካይድና ኔርና። ንሎሚ ምስ ሓንቲ ካብኦም ወይዘሮ ታቦቱ ወልደገርግስ ዝገበርናዮ ሓጺር ዕላል ናቐርበልኩም ኣሎና።***

***

ኣብ 1968 ካብ ኤርትራ ናብ ኢጣልያ ዝኣተወት ወይዘሮ ታቦቱ፡ ኣብ 1975 እያ ኣብ ሓፋሽ ውድባት ተወዲባ ምእንቲ ሃገርን ህዝባን ክትቃለስ ዝጀመረት። ንሳ እቲ እዋን ማስፍናዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝወደቐሉን ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ስልጣን ዝተረከበሉን እዋን ምስ ምንባሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታት ብማዕከናት ዜና ይከታተልኦ ምንባረን ብምምልካት፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ግፍዕታት ሃገራዊ ስምዒት ዝጋንፈሉ ዝነበረ እዋን ምንባሩ'ያ ትዝክር።

ጎድኒ ጎድኒ'ዚ፡ "በዓል ዓንደሚካኤል ካሕሳይ (ስውእ ሚኒስተር ዓንደሚካኤል ካሕሳይ) ብቐጻሊ ይመጽኡና ነይሮም። ናይ ሜዳ ጽሑፋት ይብጽሑና ነይሩ። ናይቲ ኣብ ሜዳ ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ጸብጻብት እውን ይንገረና ነይሩ። ስለዚ፡ ምሉእ ቀልብና ኣብቲ ቃልሲ ከምዝደህብ ኮይኑ" ክትብል ነቲ ናይ ፈለማ እዋን ኣውዳድባኣ ተዘኻኸር።

"ኣብቲ ፈለማ እዋናት፡ እቶም ዝተወደብና ጥራይ ኢና ናብ ቦሎኛ ንኸይድ ኔርና። ኣቐዲምና ብበጨንፈርና (ከተማና) ናይ ዓመት ጸብጻብ ንገብር'ሞ፡ ኣኼብ ንመርጽ። እቶም ኣኼብ ኣካላት ብጉዳኣም ጸብጻቦም ኣብቲ ፈስቲቫል የቕርብዎ። ነቲ እኩብ ህዝቢ ድማ ሰሚናራት ካልእ መደባትን ይግበረሉ።"

***ነቲ ፈስቲቫል መን እዩ ዘዳልዎ ነይሩ?***

ኣዳለውቲ ኣካላትን ንኡሳን ኮሚቴታትን ኣለዋ። ኣብቲ ፈለማ እዋናት ኣብ ሆቴል እናደቀስናን ኣብ ቤት መግቢ እናበላዕናን እዩ ዝካየድ ነይሩ። ደሓር ግን ዳስ ተኸልና፡ ባዕልና መግብን መስተን ክንዳሉ ጀሚርና። ዚ ኣብ ምድላው ዝነበረ ስራሕ ክብደቱ ክሳብ ሎሚ ኣይርስዖን እዩ።

***ብሓፈሻ ንፈስቲቫል ቦሎኛ ብኸመይ ትገልጽዮ?***

ቦሎኛ፡ መግለጺ ናይቲ ኣብ ምሉእ ዓመት ዝካየድ ንጥፈታት ሓፋሽ ውድባትና ኣብ ኤውሮጳ እዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብደረጃ ኤውሮጳ ዓመት ዓመት ኣኼባታትና ኣብ ቦሎኛ ንካይድ ኔርና። ካብ 1984 ፈስቲቫል ክግበር ምስ ጀመረ እሞ ከኣ ኣብ ኤውሮጳ ንዝነበረ ጥራይ ዘይኮነ ዳርጋ ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝነበረ ኤርትራዊ ዘሳትፍ ዝነበረ ባይታ'ዩ ኮይኑ። ስለዚ፡ ዓመት ምሉእ ኣብ በጦትኡ ኮይኑ ዝጠፍፍ ዝነበረ ኤርትራዊ፡ እኩብ ድምር ናይቲ ኩሉ ንጥፈታት ኣብ ፈስቲቫል ቦሎኛ'ዩ ዝረአ ነይሩ ማለት'ዩ። እቲ ዝለዓለ ኣካል ካብ ሜዳ መጺኡ ህሉው ኩነታት ናይ ሜዳ ይሕብር። በዚ ከኣ ኣበርክቶና ደረጃ ናይ ቃልሲ በጺሕና ኣለና ብእኩብ ንፈልጠሉ ባይታ ነይሩ።


ቦሎኛ - ድሕሪ 40 ዓመት

***ብዙሒ ናይቲ ተወዲቡ ዝቃለስ ዝነበረ ኣብ ሰደት ዝነበረ ኤርትራዊ ዘተባብዕ ደዩ ነይሩ?***

ብውሑድ ቁጽሪ'ዩ ጀሚሩ። እዚ ከኣ ባህርያዊ ነገር'ዩ። ደሓር ግን፡ እቲ ምትእኽኻብ ዓመት ዓመት እናዓበየ እዩ ዝኸይድ ነይሩ። እቲ ኣውዳድባ እናሓየለ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከኣ፡ ውጽኢት ናይቲ ስራሕ እውን ማዕረ ማዕሪኡ እናዓበየ'ዩ ዝኸይድ ነይሩ። ኣብ ኩሉ ቦታታት ርእሱን ኤርትራዊ ስምዒት ነይሩ። ስለዚ፡ እቲ ነቲ ቃልሲ ከም ናትካ መጠን ዝግበር ዝነበረ ደገፍ ምሉእ'ዩ ነይሩ። ክፋል ናይቲ ቃልሲ'ዩ ኣብ ደገ ዝካየድ ነይሩ። ኣካል ናይቲ ቃልሲ ስለዝነበረ ከኣ፡ ብመምርሒ ናይ ውሽጥን ማዕረ ማዕረ እቲ ናይ ውሽጢ ቃልስን ይኸይድ ነይሩ። እቲ ተወፋይነት እውን ብተዛማዲ ማዕረ ምስቲ ናይ ውሽጢ'ዩ ዝኸይድ ነይሩ።

***ንኣበርክቶ ናይቲ ሽዑ ኣብ ሰደት ዝነበረ ኤርትራዊ ብኸመይ ምገለጽክዮ?***

ሽዑ ኣካይዶ ዝነበርና ቃልስን ዝኸፈልናዮ ዋጋን ኣዝዩ ክቡር እዩ። ብዓቢኡ ግን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ጥይትን ቦምባን ግጥም ስለዝነበረ ነቲ ናትና ብዙሕ ግምት ኣይንህቦን ኢና ኔርና። ልዕሊ ኩሉ ግን፡ ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ ኴንካ ዝግበር ዝነበረ ስርሓታት መዳርግቲ ዝርከቦ ኣይነበረን። ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ እናዛመድካ ኢኻ ትሓስብ እምበር። ከም ቃልሲ ክትርእዮ ከለኻ ንሕና ኣብ ሰደት ኴንና ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ'ውን ኣብ ካልእ ህዝብታት ደርእ'ዩ ክትብሎ ብዙሕ ዘድፍር ኣይኮነን። ካብ ስራሕ ወጺእካ ንገዛ ኣይትኸይድን ኢኻ፡ ሰውራዊ ትምህርቲ ኣሎ፣ ምጥፋእ መሃይምነት ኣሎ፣ ካልእ መደባት እውን ኣሎ። ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ነምስየሉ እዋናት ብዙሕ'ዩ ነይሩ። ምሉእ ድሌት ስለዝነበረ፡ ድኻም ኣይስምዓናን እዩ። ምሉእ ተወፋይነት እዩ ነይሩ። ዓቢ ናይቲ ኩሉ ግን ናጽነት ኢያ። ንሳ ከኣ ረኺብናያ። ብፍሉይ ዝዝክሮ ግን፡ መምርሒ ሕጊ ኣብ ምርቓቕ ኣብ ሕብረት ሶቭየት ዝነበሩ ኤርትራውያን ተማሃሮ ዝነበሮም መሪሕ ተራ እዩ።


***ተራ ደቀንስትዮ ኣብቲ እዋን'ቲ ከመይ ነይሩ?***

እቲ ቃልሲ ናይ ደቀንስትዮን ናይ ደቂ ተባዕትዮን ኢልካ ትኸፋፍሎ ኣይነበረ - ናይ ኩሉ ዜጋ'ዩ ነይሩ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ እንተዘይሳተፋኦ ከኣ ፍጹም ኣይምተዓወተን። እኳ ደኣ ድርብ ቃልሲ'ዩ ነይሩና። ክልተ ኣባልነት ኔሩና። ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ኢና። ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. እውን ኢና። ክልተ ክፍሊት ድማ ኢና ንኸፍል። ኣብ ርእሲ'ዚ ባህሊ ናይ ደቀንስትዮ ነይሩ። ካብ መላእ ኤውሮጳ ዝተኣኻኸበ ህቡባት ኣደታት ነይረን።

***በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከተሕልፍዮ እትደልዩ መልእኽቲ እንተልዩ?***

መቸም ኣብ ቦሎኛ ተወዲቦም፡ ናብ ሜዳ ኣትዮም ዝተሰውኡ ጀጋኑ ውሉዳት ኣይኮኑን እንድዮም፡ ቅድምን ልዕልን ኩሉ ክብርን ሞገስን ንዓኣቶም ይኹን! ኑቶም ኩሉ ውልቃዊ ጉዳያቶም ኣወንዚፎም፡ ምሉእ ግዜኦምን ዓቕሞምን ኣብ ሃገራዊ ዕማም ዝተጸምዱ ወደብትን ኣካየድቲ ስራሕን ከምኡ'ውን ንኹሉ ወፋይ "የሃና" እንቋዕ ኣብዚ ኣብጽሓና ክብለኩም እፈቱ።






# ንጹሓፍቲ ጉዳያት ህዝቢ መን'ዩ ዝቖጻጸሮም?

ኩሉ ግዜ ዘተሓሳስበኒ ጉዳይ እዩ። ጹሓፍቲ ጉዳያት ህዝቢ (ዶማንዳ) ዝሓተቶዎ ገዛእቲ ምስቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ፍጹም ዘመጣጠን ዘይምዃኑ፡ ኩሉ ብጉዳዩ ናብኦም ዝኸይድ ሰብ ከዕዘምዝሞን እናሰደመሞ ክስተንትንን ብዙሕ እዋን ኣጋጢሙኒ ኣሎ። ኣነ ብወገነይ ኣብዚ ቅንያት'ዚ ናብ ጹሓፍቲ ዶማንዳ ዘኸይድ ጉዳይ ስለዝረኸበኒ ክመላለስ ቀንየ። ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣብ ከባቢ ማሰገድ ዓቢ ዝርከባ ትካላት ዶማንዳ ቀሪበ ነፍሲ ወከፈን ካብ 10 መስመር ዘይበዝሕ ብዓረብኛ ዝተጻሕፉ ሰለስተ ቅብሊት ንምትርጓም ዝተሓተትኩዎ ገንዘብ ድማ'ዩ ዚ ርኢዩቶ ክጽሕፍ ደሪኺኒ። ፍርቂ ሰዓት ንዘይትወስድ ስራሕ፡ 600 ናቕፋ ክኸፍል ምስ ተሓተትኩ እዚ'ዩ ሓቲሙ። ብወገነይ ዝተጸበኹዎ፡ ናይ ጀነራተር ደማሪካ ንነፍሲ ወከፍ ቅብሊት 70 ወይ 80 ናቕፋ'ዩ ነይሩ። ተጋኒኑ ተባሂሉ ድማ ድሓን መማእቲ ናቕፋኣን ይበጽሓ! ሽዑ ከምኡ ዋጋ ምስ ተሓተትኩ ግና፡ ሰራሕተኛ ድኣ'ላ ጸኒሓትኒ'ምበር ተቓወምየ ኣቕሪበ። እንታይ'ሞ ክኸውን'ዩ ምስተመልጠጦካ እንዶ ኮይኑ! ዋላ'ኳ ዋጋ ኣገልግሎት ኣብ መንደቕ'ቲ ትካል ተጠቂዑ እንተዘይነበረ፡ ኣነ ባዕለይ ግና ኣቐዲመ ክሓትት ነይሩኒ። እንተኾነስ ኣበይከ ክኣቱ ኣለ! ዝበዝሐ ብኸምኡ ዋጋ ዝሰርሑ እንተኾይኖም፡ ከይፈተኹ ክምልጠጥ'የ እምበር!

ትማሊ ቀዳም ኣብ ሓደ ትካል ዶማንዳ ዘጋጠመኒ ድማ ክጸውየኩም። ናይ ውርሲ ወረቐት'የ ክጹሓፈለይ ደልየ። እቲ ጸሓፊ ፍርቂ ገጽ ናይ ሓደ ፊልዮ እዩ ዝሸፍን። እቶም ዋና ብዕድመ ዝደፍኡ ኮይኖም ሰራሕተኛኦም ወጺኣ ግዲ ነይራ ኮይና፡ ባዕሎም'የም ዝጽሕፉዎ። ሰብኡታት ዝረገጹ ዝመስሉ እኳ እንተኾኑ፡ ኮምፒዩተር ክወቕዑ ምስ ተዓዘብኩ (ዋላ'ኳ ለመም ዝበሉ እንተኾኑ)ስ ኣይደንቀኒ'ዩ። ምኽንያቱ ንኮምፒዩተር፡ ዋላ'ቶም ፕሮፌሰራት ይኹኑ፡ ዕድመ ደፋእ ዘበሉ እንተኾይኖም ንኽጥቀሙላ ኣዝዩ ክጽገሙ ስለዝርኣኹ።

ብዘኾነ እቶም ሰብኣይ ቀይቀይ እናበሉ ስለዝጽሕፉ፡ ንፍርቂ ገጽ ልዕሊ ሓደ ሰዓት ወሲዶምሎም። ምስ ካልኣየይ ብምንባረይ ብምድንጓየይ ኣዝየ ተሰኪፈ። እንተኾነ እቲ ብጻየይ'ውን ኩነታቶም ስለዘረኣየስ ኣይሃወኸኒ። ብዘኾነ ብበል ኣይትበል ወዲኦም ቴምብር ጠቒዖም ሂቦምኒ። ክፍሊት እንተሓተትኩዎም ግና 250 ናቕፋ ኣደንጺኡ! ፍጹም ክኣምኖም ኣይከኣልኩን። ሽዑ ብጻየይ ናይ ሕጊ ሰብ ብምዃኑ፡ ነቲ ጉዳይ ኣይተጻወሮን፡ "እዋእ ኣንቱም ኣቦ ብሓደ ኣፈቱ! ኮምፒዩተር ዘይትጥቀምሲ 250 ናቕፋ!" ክም ቁጥዐን ግርምን ኢሉ።

"እወ ገዛ ኽራይ ክብርዩ፡ ካልኣይ ነገር ድማ ብጀነሬተር ኢና ንጥቀም ዘሎና" ኢሎም'ውን ከም ትዕግስቲ ቁጥዐን ኣሎም መለሱ።

ኣነ'ውን ኣፈይ ከፊተ፤ "ኤሌክትሪክ እንተዘየሎኹ'ከ ክንደይ መኽፈልኩምና?"

"ኣብቲ ንብር እዋን ንውርሲ 120 ናቕፋ ኢና ንብል። ሕጂ ግና ብጀነሬተር ስለዝኾነ 250 ናቕፋ ኢሎኩም"

"እዋእ እሞ ብጀነሬተር ስለዝሰራሕኩምሲ ልዕሊ ዕጽፊ ክትወስዱ"

"እዋእ ልዕሊ ሓደ ሰዓት እኮ'የ ገይረ"

"እሞ ባዕልኹም ቀይቀይ ኢልኩም ክትጽሕፉ ኢኹም'ምበር ልዕሊ ሰዓት ወሲዶሙልኩም፡ እዚኣ ድኣ ልዕሊ 10 ደቒቕ'ኳ ዘይትወስድ" ተበሂሂልና መቸም ተጨቓጪቕና። ከምዘይጎድሉልና ምስተረድኣና፡ ቅብሊት ሓቲትናዮም፤ ሽዑ ግና ሰገጥ ኢሎም ክለማለሙ ጀሚሮም።

ንምዃኑ ጹሓፍቲ ዶማንዳ ናይቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ደረት ዋጋ ኣለዎምዶ? እዚ ዝቆጻጸር መንግስታዊ ኣካልከ መን'ዩ? እቲ መለክዒ'ኸ እንታይ'ዩ? ዳርጋ ኹሎም ሰብ ዶማንዳ ቅብሊት ዘይህቡሉ ምኽንያትከ እንታይ'ዩ? እዚ ብዕቱብ ክምለስ ዘግብኦ ይመስለኒ። እቲ ተጋኒኑ ዘሎ ዋጋ ኣገልግሎት መጉትኢ ኪግበረሉ፣ ብጉልባብ ጀነሬተር ዝግበሩዎ ዘለዉ ምዝመዛ ድማ መጉትኢ ኪግበረሉ እምሕጽን።

ጀማል መ/ኣማን - ኣስመራ

# ጸገና ክሳብ ዝውዳእ ምልክት ክግበረሎም ይግባእ

ምምሓዳር ዞባ ማእከል ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኣስመራ ንዘኸይዱ ጸገና ማስመራት ረሳሕ ማይ ብዘምልከት ርእይቶይ ፈይ ክብል። ሰኣን ግቡእ ኣጠቓቕማ ተገልገልቲ ብደረቕ ርሱሓት ተዓቢሶም ካብ ጥቕሚ ወጺኦ ዝኾኑ ማስመራት ረሳሕ ማይ ብዙሓት እዮም። እዚ ብጉዳዩ ንተገልገልቲ ኣብ ርእሲ ምጽጋሙ ኣብቲ ከባቢ ዝፈጥሮ ሕማቕ ሽታ'ውን ዘጥርብ ኣይኮነን። ናብ ቀንዲ ሓሳበይ ቅድሚ ምእታወይ ድማ ምም/ ዞባ ማእከል ኣብ ምጽጋን እዞም ማስመራት ንዘወስዶ ተበግሶ ከመስግን እደሊ።

ገለ ካብዞም ዝበላሸዉ ማስመራት ረሳሕ ማይ ኣብ ቀንዲ ማስመር ኣጋር ዝርከቡ እዮም። ቀልጢፎም እንተዘይተጸጊኖም ድማ ኣብ ልዕሊ ተጓዓዝቲ ተሽከርከርትን ዘፈጥሩዎ ጸገም ቀሊል ኣይኮነን። ካልእ ክሕሰበሉ ዘግብኦ ነገር እንተሃልዩ ኣብ እዋን ጸገና ክግበር ዝግበኦ ድሕነት እዩ፡ ዝተኻዕቱ ጎንጎዲ ማሓላኽለ ስለዘይግበረሎም ብጾሎም ኣብኡ ዝወድቁ ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ ጸገና መደብ ክሳብ ዝውዳእ ከላ ሓለፍቲ መንገዲ ከይዛለቑ ምልክት ክግበረሎም ምተገበኣ።

ዝ ርእይቶ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ብወገን ሺያ ጂዳ ንዕዳጋ ሓሙስ (እንዳ ስላሴ) ኣብ ዘጥዊ መንገዲ ዝተፋሕረ ማስመር ረሳሕ ማይ እዩ። ኣብቲ ከባቢ ናይ ቱቦ ብልሽት ስለዘጋጠመ ካብ ዝኣዋት ሰሙን ኣሕሊፉ ኣሎ። እቲ ዝተፋሕረ ጉድጓድ ኣብ መንገዲ ኣጋር ኣብ ርእሲ ምዃኑ ምንም መከላኸሊ የብሉን። ዝሓለፈ ሰሙን ምሸት ብኡ እናሓለፍኩ ድማ'የ ሓደ እግረይ ኣብኡ ብምእታው ካብ መስበርቲ ንስከላ ድሒነ። ካልእ ከምዚ ናተይ ጸገም ዘጋጠሞም'ውን ኣይሰኣኑን። ስለዚ እዚ ከምዚ ኣመስለ ስራሕ ድሕነት ስለዝደሊዩ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ግምት ክኣትዉዎ ከዘኻኽር እደሊ.

ተማሰገን ሃይለ - ኣስመራ

# "ዝተፈንጥሐ ክዳን ኣይምለስን'ዩ" - ብዶልቸቪታ ዝተጠቕዐ ማስደመም ምልክታ!

ኣብ ኣስመራ፡ ፊት ካቴድራል ኣብ ዝርከብ ማሽጢ ቦታ ትካል ዓለብ ዶልቸ ቪታ ዝተጻሕፈ ምልክታ ብዘምልከት'የ ክዛረብ። እቲ ጸሓፍ፡ "ዝተፈንጥሐ ክዳን ኣይምለስን'ዩ" ዝብል ኮይኑ፡ ሓደ ዓዳጋይ ክዕቅን ወይ ክዕድግ ኢሉ ንዝበተኖ፡ ዝተዓጽፈ ክዳን ክዕድግ ከምዝግደድ ዝገልጽ'ዩ። እዚ ድማ'ዩ እምብዛ ዘገረመኒ።

ተዓጺፉ ንዘቐረበ ክዳን ክትዕቅን ወይ ክትርኢ ኢልካ እንተፈንጢሕካዮስ፡ ክትዕድጎ ትግደድ!! ጉዳም ዘረባ እኳ'ዩ። ምኽንያቱ ካብቲ ክዳን ዝዕድግኳ እቲ ክርኢ ኢሉ ክዳን ዝፍንጥሕ ወይ ክዳን ዝዕቅን ይበዝሕ! እቲ ሺያጣይ ግና ወሸለ ፍርያቱ ርእዩ ወይ ዓቂኑ ዝኸይድ ዓሚል ረኺቡ!! ኣብቲ ምዕቡል ዝበሃል ሃገራት ወጻኢ ዝሎ ተመኩሮ ድማ ከም ኣብኡት ክንወስዶ ዝግባእ ይመስለኒ። ኣብ ኤውሮጳ ይኹን ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ሓደ ሞል (ሓያሎ ዓበይቲ ድኳናት ዝሓቖፈ እምብዛ ሰፊሕ ናይ ዕዳጋ ኣዳራሽ) ክትዕድግ ኢልካ ዝመረጽካዮ ክዳን፡ ሒዝካዮ ትኸልል እሞ፡ ዋላ'ውን ናብ ጫማ ዝሸየጡሉ ቦታ ወይ ሱፐር ማርኬት እንተበጺሕካ'ሞ፡ ሓሳብካ እንተቐይርካ፡ ክትዕድጎ ንዘሓሰብካዮ ክዳን ኣብቲ እንዳጫማ ወይ ሱፐርማርኬት ጌድፍካዮ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ዋላ'ኳ እቲ ክዳን ዝሸየጠሉ ቦታ ካብቲ ጫማ ዝሸየጠሉ ቦታ ወይ ሱፐር ማርኬት ብልዕሊ 100-200 ሜትሮ ዝርሕቕ እንተኾነ ዘለኽፍ የብልካን፤ ጌድፍካዮ ትኸይድ - ሰራሕተኛታት መጺኦም ድማ ንዝተፈንጥሐ ዓጺፎም፡ ኣኪቦም ናብ ቦታኡ ይመልስዎ። እዚ "ዓዳጋይ ንጉስ'ዩ" ንዝብል ፍልስፍና ሰ ቁጠባ ብግብሪ ዘረጋግጽ'ዩ።

እቲ ተመኩሮ ናይ ምዕቡላት ሃገራት ክምዝለዎ ዝዘረበሉ ትካል ዶልቸቪታ ድማ ከምዚ ዓይነት፡ ንዓዳጋይ ልዕልና ዝሁብ ኣጉባብ ኣሰራርሓ ክተኣታቱ ኢና ንጸበዩ። ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታት ቆጺሩ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ምዕቡል ኣሰራርሓ ብምትእትታው ንልኦት ትካላት ሃገርና ኣብነት ክኸውን ደኣ'ምበር፡ ንምግል ባህ ዘይብል ምልክታ ክጥቀዕ ዘምሕረሉ ኣይኮነን።

ሰሙ ክጠቕስ ዘይደለየ ተቐማጢ ኣስመራ

# ደብል ኣሰራርሓ ምምሕዳር ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ብርክት ዝበሉ ስራሓት'የም ዝዕመሙ። ምውጻእ መንነት ወረቐት፡ ኣታዊ፡ መንበሪ ካልኦት ጉዳያትን ካብ ንኡስ ዞባ ስለዝጅምሩ፡ ናብኡም ኣብያት ጽሕፈት ዝመላለስ ተገልጋሊ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ብፍላይ ብዙሒ ተቐማጢ ኣብ ዘለወን ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት ዘሎ ጾዕቂ ስራሕ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ብሰንኩ ኣብ ሓጺር እዋን ክፍጸሙ ዝግብኦም ጉዳያት ክደናጎዩ ተገልገልቲ ከዕዘምዝሙ ይሰምዕ።

ኣብ ኣስመራ ብዙሓ ተገልገልቲ ካብ ዝፍለጣ ንኡሳን ዞባታት ሓንቲ ምምሕዳር ንኡሳን ዕዳጋ ሓሙስ ግና መሳጢ ኣሰራርሓ ተዓዚብ'የ። ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ - ንበርቲ ሓዝሓዝ ማይ ተመናይን ዕዳጋ ሓሙስን'ያ እተገልግል። ብኡ መጠን ብዝተፈላለዩ ጉዳያት ናብቲ ቤት ጽሕፈት ዝመላለስ ተገልጋሊ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ናብቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ዝተንቀሳቐስኩሉ እዋን ከምእተዓዘብኩዎ ትግሃት ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ኣብቲ ምምሕዳር ብዙሕ ተገልጋሊ ከምዘሎ እዩ።

ዚ ብምርዳእ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ወሽጢ ሰሙን ዝህቦም ኣገልግሎታት ብመዓልቲ ፈላልዩ ክሰርሕ ጀሚሩ ኣሎ። በዚ መሰረት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ዝህቦም ኣገልግሎታት ተዘርዚሩ ተቐሚጡ ስለዘሎ፡ ህዝቢ ኣየናይ መዓልቲ እንታይ ኣገልግሎት ከምዝረክብ ፈሊጡ ጉዳዩ ብህጹጽ ከሰልጥ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ኣሰራርሓ ቅድሚ ምትእትታዉ ግን ተገልጋሊ ንዘይሰልጦ ክመላለስ'ዩ ዝግደድ ነይሩ። በዚ ኣጋጣሚ ንምም/ከ/ዕ/ሓሙስ ዘለኒ ኣድናቖት እናገለጽኩ፡ ካልኦት ምምሕዳራት'ውን ኣሰሩ ክስዕባ ኣዘኻኽር።

ወ/ሮ ርሻን ተወልደ - ምም/ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ

# ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ብምርድዳእ እንተዝግበር

ኣብ ኣስመራ ዝርከባ ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት ኣብ ክረምቲ ዝካየድ ስፖርታዊ መደባት ኣዳልየን ምህላወን ይፍለጥ። እቲ ዝተፈላለየ ውድድራት ዝሓቖፈ መደብ ስፖርት ካብ 14-17 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣወዳትን ኣዋልድን ተማሃሮ ዝሳተፉዎ እዩ። ኣብዚ መደባት ክኣትዉ ዝደልዩ ተማሃሮ ድማ ካብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ሰሙን ጀሚሮም ክምዝገቡ ከምዝኽእሉ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዝጸሓፎ ምልክታ ኣንቢበ።

ምዕባለ ናይ ዝኾነ ስፖርት ኣብ ኮም ዝተሞርኮሰ'ዩ። ክንድዝኾነ ምምሕዳር ንኡሳን ዞባ ኣብ ትሕቲኤን ዘለዉ መንእሰያት ብምጥርናፍ ኣብ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክሳተፉኦም እንድሕር ክኢለን ንሃገር ክወክሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ዓቕሚ ዘለዎም ስፖርታውያን ክፈርያ ከምዝኽእሉ ኣየጠራጥርን። ካልእ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ብኑም ደረጃ ዝካየድ ስፖርታዊ ንጥፈታት መንእሰያት ንሓድሕዶም ኣብ ምልላይ ዝህልዎ ኣበርክቶ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን።

ኣብዚ ክጥቀስ ዝግበኦ ሃገር እንተሃልዩ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ውድድራት ቀጻልነት ክህልዎ ከምዝግበኦ'ዩ። ልክዕ'ዩ ኣብዚ መደብ ዝሳተፉ መንእሰያት - ተማሃሮ ብምዃኖም፡ ካልእ እዋን ዘይክጥዕሞም ይኽእል። ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት'ውን ምስ ትምህርቲ ዘይገራጮ መደባት ስፖርት ክሰርዓ እንተኾይነን እቲ ዝሓሸ ግዜ ክረምቲ እዩ። እንተኾነ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መደባት ቀጻልነት ክህልዎ ስለዝግበኦ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ብምርድዳእ ክግበር ዝሓሸ ይመስለኒ።

ናስር ዓብዱ - ኣስመራ




# ቀለል ሕቶ

ብዙብየም ወለየውሃንስ(ሸረፎ)

ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ዕጡር ገጾም ንዘረአየ ክገጽ ዕድመ ምድፍኦም ልዕሊኡ ብዙዕቡኦም ክየምቶን ክፈልጦን ዘኽእል ነገር ድኣ ትእዩ፡ወረክንዲፍረኣድረ'ውን ትኸኡን ንሕሉፍ ኩነታቶም ኣምር ኣይህልዎምን። ውሽጦም ዝሓቖፎ ኣፎም እንተዘስተንፍሶ ቀለም ፈሰሱ ምተወደኣ። ኣየናይ ጸሓፊ ንኸሉ ገጻት ሂወቶም ገጺሉ ንሕሉፍን ህልውን ባሕሪ ውሽጦም ክቐድሖ! ኣወላልዳኦም ታሪኽ ኣተዓብበዮኦም፡ ዘስተንፍሰዎ፡ ዝበልዕዎ ዝሰትይዎ ኩሉ ታሪኽ'ዩ ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር!

ብሰሪ ምድግጋም ኩሉ ፈላጡኦም ዝፈልጦ ታሪኽ ዓዶም፡ ዝተሰለፍሉ እዋን ዝተጋደልዎ ዓመታት፡ ዘሰወሉ ኩነታት ጥራይ'ዩ። ካብዚ ተረፈ ንኸሉ ታሪኾም ኣላቒቡ ከይብታተኽ ከዕልል ዘኽእል ኩዮ ሓደ'ውን የለን።

ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ኳሕ ገልጠም ሓጻውን ኣቢይ ሃጢሙ፡ ባና ዓወት መላእ ሃገር ምስተበሰረ፡ ኣብ'ታ ኣብ መንገዲ ባጽዕ ዓሰብ ትርከብ ዝተወልዱላ ዓዶም ምቕማጥ ጀመሩ። ኣብ'ቲ ማስመር ዝመላለስ በርኸት ዝስሙ ኣውቲስታ ደማ ንኩነታቶምን ዝንበሉኦምን ተዓዚቡ ጋዜጣን ካልእ ዝንበብ ጽሑፋትን ከይተማልኣሉም ኣይሓልፍን'ዩ። ንሶም'ውን ነተን ኣብ እዋን ገድሊ ዝቐጻጸሩወን ፊደላት እናኣማስኹ ንዕኡ ካብ ምጽባይ ዓዲ ኣይወዓሉን።

ንኸሉ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸእ ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝንኣሰ፡ በቲ ዝፍ ዝተኣዘዘሎም መጸር እናተሓገዙ ምሉእ መዓልቲ ከንበቡ ይውዕሉ። ምስ ህሉውን ሕሉፍን ሂወቶምን ከበኦምን እናዛመዱ ከስተንትኑ ደማ ጸሓይ ዝቡና ሂባ ናብ ሰፍራኣ ትኣትወሉ እዋን ኣሎ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ በርኸት ካብ ዝገደፈሎም ጋዜጣታት ሓንቲ ኣተኩሮኦም ዝሱሓበት ስታራት ረኣዩ። ነተን ኣብ ታሕተዋይ ከንፈሮም ዝበራትምጥሶ ድሕሪምትሩእ ደማ፡ ነታ ስታራት ተቐላጠፎም ከፈትዋ። ሓጺርን ገላጽን መልእኽቲ ድሕሪ ምንባብ ኣብ'ታ ካሰዮ ዝዓይነታ ሰዓቶም ዕለት ረኣዩ። ከምዚ ሰብ ምስኦም ዘሎ ደማ፡ "ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ምኻኑ ደዩ?" ብምባል ልክዕነት'ቲ ግዜ ኣረጋገጹ።

ኣቦይ መሓመድ፡ ነተን ጋዜጣታት ጠርኒፎም ኣብ ክንዲ ናብ'ታ ኩሉ ግዜ ኮፍ ኢሎም ዘንብብላ ጽላል ዓርኮብኮቢ፡ ነበሶም ምስኮም ከም ዝኣበዩዎም ብዘገምታ ጉዕዞ ሽፋሕ እናበሉ ናብ'ታ ኣብ ኣፍደገ ገዛኦም እትርከብ ዓንገራብ ግምባው በሉ።

እቲ ዝመጽእ ጋሻኦም ኣይሓደሶምን። ንሳዕ ጋዜጠኛ'ዩ። እናሓንሰብ ክሳብ ንበዓት ቁጽርጽር ዝበሎም ኣብ ትዝታ ዘጥሕሎም፡ እናሓንሰብ ደማ ክሳብ ብሕርቃን ንጽሑፋቱ ዝድርብዩ ዝነበሮም ጋዜጠኛ'ዩ - ኣማን ያሲን።

ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ገጾም ኣብ ልዕሊ ምዕጣፉ ዝያዳ ዕሰራ ዓመታት ዝወሰኹ ክመስሉ ሸባሺቦም መልሲ ኩሉ ሕቶታቶም ኣብ'ታ ፊቶም ዘላ ቀላጥ ቦታ ከምዝረኸቡ ኣቶኩሮም ጠሙቱዋ። "እሀ!! እንታይ ኢሉ'ዩ ክሓተኒ? ዝተሰለፍካሉ ዓመት ምህረት …… ዝተሳተፍዮ ውግእ….. መሳልፍትኻ ……እህህህ !!!! ኤርትራ ናጻ ክትወጽእ ከላ ኣበይ ኔርካ? እንታይከ ተሰሚዑካ?.... ዝጸንከረ ዝረኣኻዮ ውግእ ኣበይ እዩ?....... ኣብ'ቲ መጀመርታ ዝተሰልፍካሉ ኤርትራ ናጻ ክትወጽእ'ያ ዝብል እምነት ኔሩካዶ? እህህህህ ክንይኡ እንታይ ከይሓተኒ እዩ" እናበሉ ኣብቲ ዝነበርዎ ዘረብረቦም ቦታ ክንደይ ሰዓት ከም ዝገበሩ ከም ዝገበሩ ክግምቱ ኣይከኣሉን። "ደሓን እታ መዓልቲ'ሞ ትእከል፡ መንና'ዩ ሓታቲ መንና'ዩ መላሲ ክንረአአ ኢና" ምስሊ'ቲ ብገጹ ዘይፈልጥዎ ኣማን ያሲን ኣብ ርእሶም እናተሳእሎም ኣብ ቅድሚኦም ከም ዘሎ ርእሶም ነቕነቑሉ።

ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ናይ ቀጸራ መዓልቶም ከመይ ኢሉ ከምዝኣኸለ ከይተረድኦም ኢ.ኣር.ጂ ዝተርግኣ ጻዕዳ ፒክ ኣፕ ደሮንኣ እናብነነት ናብኦም ገጻ ክትመጽእ ምስ ረኣይዋ እንታይነታ ከይተጠራጠሩ ንጋሻ መቀበሊ ዝኾናም ኮፍ መበልን ማይን ኣብ ምቕርራብ ተጸምዱ። ኣማንን ኣውቲስትኡን ማኪንኦም ኣብ ፊት ቤት ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር ዝርከብ ጽላል ድሕሪ ምዕሻግ፡ ወሪዶም ምስ ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር ተላለዩ። "ፈሊጠኩም…… ፈሊጠኩም ኣለኹ። ንዑ ጥራይ በዚ ኮፍ በሉ…. እግርኹም ማይ ኣፍስስሉ" በልዎም ናብቲ ኮፍ መበሊ ብኢዶም እናመልከቱ።

"ሕራይ… ሕራይ… ከመይ ኣሎ ዓዲ?" በሎም ኣማን ስኢልዎ ዝነበረን ህያው ቁመናኦምን ከመዛዝን ኣዒንቱ ተኺሉ።

ዓዲ ሰላም'ዩ' ዞም ደቀይ! ረቢ እንታይ ከሊኡና፡ ዓመት ምሉእ ክረምቱ ዘይነቅጽ ባሕሪ ኣብ'ዚ ቅድሚና ተነጺፉ ከሎ። ሰላም ተጎልቡቱ ሰብ ኣብ ድላዩ ይወፍር ኣብ ድላዩ ይኣቱ፡ ዘደኸመ ጻምኡ ዘይስእነሉ ሃብታም'ዩ'ዚ ቦታ ኣልሓሙዲላህ!" በሉ ናብቲ ሰጣሕ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ባሕሪ እናጠመቱ። ሃንደበት ድማ "መንኩም'ዩ ኣማን'ዞም ደቀይ?" ርእሶም ኣቕኒኖም ናብ ኣጋይሾም እናጠመቱ ሓተትዎም።

"ኣነየ ኣማን፡ እዚ ብጻየይ ከኣ ሰመረ ይብሃል"

"ግርም! ከረጋግጽ ኢለ እየ እምበር ኣይሰሓትኩኻን" ድሕሪ ምባል ዘረባኦም እናጎተቱ፡ "መልእኽትኻ ኣብ ግዜኣ በጺሓትኒ። ጽቡቕ መደብ ኢኻ ተዳሉ። ምስ ንኡስ ዕድመኻ ከረኣእዮ ከለኹ ንዘይነብርካዮ እዋን ክሳብ ክንድ'ዚ ጠሊቕካ ክትጽሕፎ ምኽኣልካ ድንቂ እዩ። እሞ ኣማን ወደይ ሕቶታትካ ብጽሑፍ ኣዳሊኻ ዲኻ መጺኻ ዘለኻ?' ናብ ሕቶ ሰገሩ።

"እወ… እወ… ኣዳልየ ኣለኹ። ድሉው እንተለኹም ቃለ መጠይቕ ክንጅምር ንኽእል ኢና።" ንምቹእነት ናይቲ ቦታ ድህሪ ምርግጋጽ ኣዒንቱ ንመቕረጺ ድምጺ ኣብ ዝጥቀመላ ቴፕ ገበረ።።።

"ጽናሕ! ቅድም እቲ ሕቶታት ሃበኒ ክርእዮ"

"ጸገም የለን" ኣማን ዘዳለዎ ሕቶታት ዝሓዘ ውረቓቕቲ ሃቦም።

ኣቦይ ማሕሙድ ዓሊ ዑመር መነጸሮም ኣስተኻኪሎም ነቲ ሕቶታት በብሓደ ከንብብዎ ጀመሩ። ኣማንን ሰመረን ድማ ንነብሲ ወከፍ ምንቅስቓስ ከንፈሮምን ናይ ገጾም ምልውዋጥን ብኣንክሮ እናተኸታተሉ ሰላምን ስቅታን ዝሰፈኖ ደቓይቕ ሓለፉ። እቲ ስቕታ ግና ነዊሕ ኣይቀጸለን። ሃንደበት ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ወረቐት ናብ ኣማን ሰው ኣቢሎም "ካልእ ሕቶ የብልካን? መልሲ'ዚ ኩሉ ሕቶታትካ ካብ ዝኾነ ንዓይ ዝፈልጥ ሓላፊ መንገዲ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ቁሩብ ቁሩብ እምበርዶኸ ትሓስብ ኢኻ! እንታይ ክሕተት ይግብኦ እንታይ ክሕተት ኣይግብኦን ኣይትፈልጥን?" ብክቱር ስምዒት ኢዶም ፈጥፈጥ ክብል ጀመረ። ሕርቃን ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር፡ ነቶም ዘይተጸበይዎ ዝርእዩ ዝነበሩ ኣማንን ሰመረን ኣሰንበዶም። ካብ ንሓድሕዶም ምጥምማት ወጻኢ ድማ ካልእ ክብሉ ኣይከኣሉን።

"ፎኺሱ ድዩ ኣቦይ መሓመድ?" ኣማን ዘውጽኦ ቃል'ዩ።

"ፎኺሱ!!? ምሕታትካ ወረ ይገድድ! ስምዓኒ ኣማን ወደይ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘውጻእኻዮ ታሪኽ ናይ ዑቕባይ፡ ወዲ ዓንደ፡ ናይ ዘይነብ፡ ዓይኒ ዑንቂ፡ ብርሃነ ኣዳል፡ መሓመድ መዓሮ. . . ክንድደይሞ ክንብሎ፡ ጽቡቕ ጌረ እየ ተኸታቲለዮ። ታሪኾም ኣኺልዎ በቲ ዘቕረብካዮ ተዘንትዩ ማለት ድዩ? ካልእ ንግደፎ ታሪኽ ወዲ ዓንደ ኣብ ትሸዓተ ሕታማት ተበርቢሩ ተወዲኡ? ሕፈር'ባ! ታሪኽ ወዲ ዓንደ ድኣ ውዕሎ ናይ ሓንቲ መዓልቱ እዉን ኣብ ዕሰራ ሕታማት ኣይግለጽን …..ወዲ ዓንደ……እህህህ" ታሪኽ ወዲ ዓንደ ተቀጂልዎም ንኣማንን ሰመረን ክርድኦም ዘይከኣለ ወስታታት ናይ ኣእዳዉ ኣርእዮም ነዊሕ ኣብ ዝንታ ተሸመሙ።

"ኣማን ትጋገ ኢኻ ዘለኻ። ታሪኽ ሻዱሻይ ወራር'ሲ ብሓንቲ ገጽ ትግለጽ'ያ!!? ከመይ ድዩ ኮይኑ? ኣማን ወደይ ነብሲ ወከፍ ካልኢት እኳ'ያ ሂወት ሓቲታ። ስለምንታይ ኢና ብዛዕባ'ታ ካልኢት ዘይንሓትት? ብካልኢት'ሲ ይትረፍ ብደቒቕ እኳ ኣይንሓትትን! ኣይትሓዘለይ ኣማን ወደይ! ኣዕሪፍኩም ናብ ቤትኩም እንተተመልስኩም ይሓይሽ። እዚ ኣቕሪብካዮ ዘለኻ ሕቶ ካብ ዝኾነ ሰብ መልሲ ክትረኽበሉ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ሰብ ታሪኽ ግና ዓሞቕቲ ሕቶታት ሒዝኩም ኣርክብዎም። ሰብ ሓላፊ ስለ ዝኾነ ጉየዩ! እዚ ወደሓንኩም።" ዘረባኦም ዛዘሙ።

ኣማን ግዜኡ ወዲቡ ክሰርሕ ካብ ዝጅምር ግዜ ብግዜ እናተተኻኸአ ኣዋርሕ ተቖጺሩ። መሰዋእቲ ኣቦይ መሓመድ ዓሊ ዑመር እንተዘይቀድም ምናልባት ንዐኦም ዘዕግብ ታሪኽ ክብርብር ዝኽእል ሕቶታት ኣኪቡ ምኸዶም ነይሩ።

# ስፖርት

ተሰፋኣለም ገብረየሱስ (ኩባ)



## ኣርጀንቲና ድሕሪ ርብዒ ዘመን ኣብ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ

ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊ በልጅዩም፡ 1-ብ0 ብምዕዋት፡ ድሕሪ ርብዒ ዘመን፡ ናብ መድረኽ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ።

ኣርጀንቲና ብዮሜላ ኣሰላልፋ 4-2-3-1 ንተጻወትቲ ሮሜሮ ኣብ ሓላው ልዳት፡ ዛባሌታን ባሱትያን ኣብ የማናይን ጸጋማይን ክንፊ ምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ዴሚቸልስን ጋራይን ኣብ ማእከላይ ምክልኻል ኣሰለፉ።

ኣብ ቦታ ምክፍፋል - ምክልኻል ማስኬራኖ ምስ ቢግሊያ፡ ኣብ ዞባ ምክፍፋል - ምጥቃዕ ድማ፡ መሲ ኣብ ማእከል፡ ብየማኑ ላቬዚ ብጸጋሙ ድማ ዲማርያ። ኣብ ቅድሚት ድማ ሂጉዋይን።

ኣሰልጣኒ በልጅዩም፡ ማርክ ዊልሞትስ ብተመሳሳሊ ሜላ ኣሰላልፋ፡ ሓላው ልዳት ኮርቶዋ፡ ቮርተንገን ኣልደርዊይሬልትን ብየማናይን ጸጋማይን ክንፊ ምክልኻል፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ምክልኻል ድማ ንሓለቓ ጋንታ ኮምፓኒ ምስ ቫንቡይተን ኣሰለፉ።

ኣብ ዞባ ምክልኻል - ምክፍፋል ድማ ንቪትሰል ምስ ፈላኒ መረጹ። ኣብ ማስመር ምጥቃዕ - ምክፍፋል ደብራይን ዝማእከሉ፡ ሃዛርድን ሚራላስን ብክልተ ክንፊ ኣሰለፉ። ኣብ ቅድሚት ድማ ኦሪጊ ሓርዩ።

ኣጥቃዓይ ኣርጀንቲና ጎንዛሎ ሂጉዋይን ኣብ ሻምናይ ደቒቕ፡ ብዘፈነዎ በርቃዊት ቅላዕ፡ ንጥንቁቕ ሓላው ልዳት በልጅዩም፡ ኮርቶኣ ኣመዝጊዛ ኣብ ሰከፃ ተረኣዩ።

እታ ኩዕሶ ተኻላኻላይ በልጅዩም ቨርቶንገን ኮምፓኒ ብዝወጽኦ ኩርናዕ ብዘይ ምኽንያት ኣብ እግሪ መሲ በጺሓቶ። መሲ ንዲ ማርያ ኣቐቢሉ ዲማርያ ንታ ኩዕሶ ናብ ሂጉዋይን ኣብ ዝሰደሉ ዝበረ ህሞት፡ ብተኻላኻላይ በልጅዩም ተጨሊፋ እኳ እንተነበረት፡ ሂጉዋይን ኑቲ ካብ ኣጥቃዕቲ ኣብ ከምኡ እዋን ዝደለ ሃንደበትነት ተጠቒሙ ብበርቃዊ ቅላዕ ኣመዝገበ።

በልጅዩም ብመገዲ ኣከፋፋሊ - ኣጥቃዒ ደብራይን ካብ ነዊሕ ፈተነ ብምክያድ መልሲ ክትህብ ፈተነት። ጸኒሓ'ውን ናይ ክንፊ ተኻላኻላይ ቮርተንገን ብማስቀላዊ ኣገባብ ናብ ሳንዱቕ ቅላዕ መቐጸዕቲ ዝለኣኻ ኩዕሶ ሚራላስ ብርእሱ ፈቲኑ ዓንዲ ልዳት ተኽዚኑዋ ንጉዳም ወጺኣ።

ኣርጀንቲና ሓሓሊፉ ብመልሰ መጥቃዕቲ ንልዳት በልጅዩም ክትፍትኖ ከላ ንክኡታት ጸወታ እውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ኣእትያቶ እያ።

ኣብ መበል 32 ደቒቕ ዲማርያ፡ ብዝገጠሞ መጉዳእቲ ብኢስፒኖዛ ተተክአ። ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ቀዳማይ እብረ ብመራሕነት ኣርጀንቲና 1-ብ0 ናብ ዕረፍቲ ኣምረሐ።


ግጥም ካልኣይ እብረ ኣብ ርክቦ መሲ ኣብ ዝዓበየሉ፡ ሃዛርድ ብመንጽሩ ዝሰሰሉ ኩይኑ እዩ ቀሪቡ።

ኣሰልጣኒ በልጅዩም ዊልሞትስ ንሉካኩን መርተንስን ቀይሩ ናብ ሜዳ ብምእታው ኩኑታት ጸወታ ናብ ረብሕኡ ክቕይር ፈቲኑ።

እንተኾነ ተጻወትቱ ኣብ ትሕቲ ስግኣት መልሰ መጥቃዕቲ ኣርጀንቲና ብምንባርም ከሞቲ ዝጎዐእ ከጥቅዑ ኣይከኣሉን።

ኣብ ከምዚ ህሞት፡ ቮርተንገን ብማስቀላዊ ኣገባብ ዝለኣኻ ኩዕሶ ናብ ፈላኒ ብዝበጽሕ በጺሓ ነይሩ፡ ፈላኒ ከድምዓ ኣይከኣለን።







መጠናዊ ጸቕጢ በልጅዩም ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ደብራይን ንዝለኣኻ ክሮስ ተኻላኻላይ ኣርጀንቲና፡ ጋራይ ናብ ገዛእ ልዳቱ ካብ ምምዝጋብ ንስክላ እያ ድሒናን።

ሕጂውን በልጅዩም መጥቃዕታ ብምቕጻል ንሓላው ልዳት ኣርጀንቲና ሮሜሮ ኣብ ስራሕ ጸመደቶ።

ኣርጀንቲና ብመገዲ መሲ ብመልሰ መጥቃዕቲ ምስ ሓላው ልዳት ኮርቶኣ ፊትን ፊት ተራኺበ። ኮርቶኣ ንልዳቱ ብዝዮዮእ ብምሽፋን ንመሲ ቀረቡ ቦታ ብምኽላእ ሹቶ ካብ ምምዝጋብ ዓንቀጾ። እዛ ኢጋጣሚ መሲ ንኮርቶኣ ሹቶ ከየመዝገበሉ ዝወጸ ሻውዓይቲ ርክብ ኮይና ተሰኒዳት።

ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ጸወታ ብዓወት ኣርጀንቲና 1-ብ0 ተዛዚሙ። ወርቃዊ ወለዶ በልጅዩም ኣብዚ መድረኽ ዝጥቀስ ተሞክሮ ስለ ዘይጸንሖ ኣርጀንቲና ብዝጸንሓ ልምዲ ኑቲ ግጥም ተዓዊሉ።

መሲ ኣብዛ ግጥም ብምስላፉ፡ ምስ ማራዶና ብዮዝዕረ 91 ጸወታታት ንኣርጀንቲና ወከለም ተሰሊፎም።

መሲ-ዶና ኣብ ክንዲዚ ብዙሒ ኣህጉራዊ ግጥማት፡ መሲ 42 ሸቶታት ከመዝግብ ከሎ፡ ማራዶና 34 ኣመዝጊቡ።

ማራዶና ኣብ 19 ጸወታታት ዋንጫ ዓለም፡ ሸሞንተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ። መሲ ካብ 13 ጸወታታት ዋንጫ ዓለም ሓሙሽተ ሸቶታት ኣቑጺሩ።

በልጅዩም ካብ ሓሙሽተ ጸወታት ዋንጫ ዓለም፡ ሰለስተ ሸቶ ጥራይ ተመዝጊብዋ እያ ካብዚ ውድድር ተሰናቢታ። ኣርጀንቲና ብወገና ዝሓለፉ ሓሙሽተ ግጥማታ 1-ብ0 እናተዓወተት እያ ናብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ።

## ተኣምራታዊ ሻንዝል ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፉ





ኩሉ ነገር ብዛዕባ ሓለውቲ ልዳት እዩ።

ሻንዝል ኣብ መበል 120 ደቒቕ ንሓላው ልዳት ክሩል ካብ ወንበር ተቐየርቲ ናብ ሜዳ ኣእተዎ፡ ክሩል ክልተ ቅላዓት ኣድሒኑ። ሆላንድ ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፉ።

ሓላው ልዳት ኮስታሪካ ናቫስ ኣብ 120 ደቓይቕ ናይ ጸወታ ግዜ ዘርኣዮ ማስተንክራዊ ብቕዓት፡ እቲ ጸወታ ብፍጹም ቅላዕ ክዛዘም ኣገዲዱ።

ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ ኣብ ዝሓለፈ ግጥማቶም ዝያዳ ኣብ ምክልኻል ኣተኩሮም ክሰርሑ ተራእዮም።

ከም ወጽኢቱ ድማ ዝውሓደ ሸቶ ተመዝጊብዎም።

ብፍላይ ኮስታሪካ ክሳብ ግጥም ኣንጻር ሆላንድ፡ ካብ ኣርባዕተ ጸወታ፡ ክልተ ሸቶ ጥራይ እዩ ተመዝጊብዋ።

ብተወሳኺ እዞም ኣሰልጠንቲ ኣብዚ ውድድር ብዘተፈልየ ሜላ እዮም ቀሪቦም።

ሰለስተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ዝርከብዎ ብሓሙሽተ ተጻወትቲ ዝቖመ መስመር ምክልኻል ክምስርቱ ብምኽኣሎም።

ካልእ ከዘውትርዎ ዝጸንሑ ታክቲክ መልሰ መጥቃዕቲ ብምኳኑ ተመሳሰልቲ ነይሮም።

ስለ ዝኾነ ከኣ እቲ ጸወታ መሳጢ ተመጣጣኒ ክኸውን ባህርያዊ ነይሩ።

እሞ'ኸ ደኣ እቲ ግጥም፡ ን120 ደቓይቕ ብዘይ ሸቶ 0-ብ0 ምቕጻሉ ዝኢ ዝገልጽ ዶ ኣይኮነን።

እዘን ጋንታታት ግን ሓደ መሰረታዊ ፍልልይ ነይርወን - ተሞክሮ።

ተሞክሮ ናይ ኣሰልጠንቲ ተጻወትቲ ብዓብኡ ከኣ ናይ ደረጃ። እዚ ብምኳኑ ከኣ እቲ ጸወታ ብዓወት'ታ ዝሓሸ ልምዲ ዝጸንሓ ሆላንድ ተዛዚሙ።

ኣሰልጣኒ ሆላንድ ሻንዝል፡ ሓላው ልዳት ሲለሰን። ሰለስተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ፡ ኢንዲ፡ ቭላር፡ ዲቭሪ።

ኣብ ምክልኻል ብዙሒ ዝጽመዱ ናይ ክንፊ ተኸላኸልቲ፡ ካይት፡ ብየማን ብሊንድ ብጸጋም።

ኣብ ማእከል ምክፍፋል፡ ዋንኣልዱም፡ ሽናይደርን ዲጋፓይን። ኣብ ምጥቃዕ ድማ ሩበንን ሓለቓ ጋንታ ቫንፐርሲን መረጸ።

ናይ ኮስታሪካ መዘናኡ ልዊስ ፒንቶ ብወገኑ፡ ሓላው ልዳት ፒንቶ፡ ሰለስተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ኣኮስታ፡ ጎንዛለዝ ኡማና። ብክንፊ ድማ ጋምቦኣን ዲያዝን።

ኣብ ማእከላይ መስመር ምክፍፋል፡ ቦርገስን ታይዳን ምስ ሩኢዝን ቦላኖስን ኣብ ምጥቃዕ ድማ ካምፕበል መረጸ።

ቀዳማይ እብረ ጸወታ፡ ብዙሑል ምንቅስቓስ እዩ ፈሊሙ።

ኣብ መበል 21 ደቒቕ፡ ዲፓይ ናይ ሆላንድ ዝፈተና፡ ሓላው ልዳት ኮስታሪካ፡ ናቫስ ዝመለሶ፡ ደጊሙ ቫንፐርሲ ብዝፈተና ፍጻመ'ዩ እቲ ጸወታ ሂወት ክዝርእ ጀሚሩ።

ኮስታሪካ ብመገዲ ቦላኖስ ንዝረኸበቶ ነጻ ቅላዕ፡ ቦርገስ ዝፈተና፡ ልዒላ ንጉዳም ብዘኸደት ኩዕሶ መልሲ ተግባር ሂቡ።

ናቫስ ደጊሙ ዘጽበረቶ፡ ሽናይደር ካብ ክንፊ ንዝሰደዳ ኩዕሶ ብዘርም ኣገባብ ኣብ ዘድሓኖሉ ነበረ።

ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይ ምንባሩ ጸወታ 0-ብ0 ንዕረፍቲ ኣምረሐ።

ግጥም ካልኣይ እብረ፡ ብመጥቃዕታዊ ምዕባለታት ተሰኒዩ ኣብ ዝጀመረሉ፡ ጎንዛለዝ ናይ ኮስታሪካ ካብ ዕላማ ወጺኡ ዝኸደት ፈተነ ኣካየደ።

ብተመሳሳሊ ቭላር ናይ ሆላንድ፡ ካብ ነጻ ቅላዕ ናይ ሽናይደር ንዝመጽኦ ኩዕሶ፡ ብርእሱ ፈቲኑ ገፊሑ።

ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ፡ ሽናይደር ዝዘረማ ነጻ ቅላዕ ሓላው ልዳት ናቫስ ክትንክፉ ኣይከኣለን ልዳት መሊስዋ።

ሆላንድ ጸቕጢ ኣብ ዝፈጠረትሉ፡ ቫን ፐርሲ ብታሕቲ ታሕቲ ንዝፈተና ኩዕሶ ናቫስ ቀለቦ።

ቫን ፐርሲ ደጊሙ ንዝረኸበ ዕድል፡ ኣትራሩ ምስ ቀልዑ ታይዳ ኣብ ኑበሱ ኣግጭዩ ናብ ጉዳም ሰዲዱ።

ግጥም 90 ደቓይቕ 0-ብ0 ተዛዚሙ።

ኣብ ተወሳኺ ግዜ ሆላንድ ብዝያዳ ጸቕጢ ደፊኣ ጸወታ ኣብ ዝጀመረትሉ፡ ናቫስ ንናይ ቭላር ፈተነ ኣምኪኑ።

ኣብ ተመሳሳሊ ህሞት ኮስታሪካ ኣጥቂዑ ቭላር ንጥቀዓይ ኮስታሪካ ኡረና ደፊእዎ። ኮስታሪካውያን ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ክወሃቦም ጠለቡ። ኡዝበኪስታናዊ ዳኛ ግን በቲ ፍጻመ ኣይተገደሰን። ሓላው ልዳት ሆላንድ ሲልሰን ተወርዊሩ ብዘድሓና ፈተነ መጥቃዕቲ ኮስታሪካ ኣብቀዐ።

ጸወታ ኣብ ኢጋምዝዞሙ ሽናይደር ካብ ከባቢ 20 ሜትሮ ዝፈተና ኩዕሶ ወርወር ልዳት ሃሪማ ተመሊሳ።

ናይ ጸወታ ግዜ 120 እና ኣመልከተት፡ ኣሰልጣኒ ቫን ሃል ንሓላው ልዳት ሰለሰን ብክሩል ቀየሮ።

ክሩል ክልተ ቅላዓት፡ ናይ ሩኢዝን ኡማናን ኣድሒኑ።

ሆላንድ 4-ብ3 ብፍጹም ቅላዕ ብምዕዋት፡ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ኣርጀንቲና ክትገጥም እያ።

ይብል ምሕደራ ተጻወትቲ ሻንዝል።

ተ ወ ሳ ኺ...

ተስፋኣለም የማነ

## ዩክሬን ኣብ ትሕቲ ሩሲያ ዘወደቑ ዶልፊናታ ክልቀቑ ሓቲታ



መንግስቲ ዩክሬን ኣብ ወደባዊት ከተማ ሰባስቶፖል ዓሲኪርም እንክለዉ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ናብ ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ ከምዝሰደዑ ዝተገበረሉም ዕሉማት ዶልፊናት ሃገሩ፡ ዳግማይ ክምለሱ ናብ ሞስኮ ወግዓዊ ሕቶ ኣቕሪቡ።

ብመሰረት ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፡ እቶም ብዝተፈላለየ ወታሃደራዊ ንጥፈታት ዝሰልጠኑ ዶልፊናት ኣብዚ እዋን ኣብ ደንደስ ሰባስቶፖል ኣብ ዝርከብ መሸንሸኒ ተዓቒቦም ከህልዉ እንክለዉ፡ ሩሲያ ንዕኦም ዘገልግል ሓድሽን ዘመናዊን ናውቲ ብምዕዳግ ወታሃደራዊ ንጥፈታቶም ዳግማይ ከተበራብሮ መደብ ሓንጺጻ ምህላዋ ትሕብር። ኮይኑ ግን ሰበስልጣን ዩክሬን ሩሲያ ከምቲ ኣቐዲማ ኣብ ዞባ ክሪሚያ ማሪኻቶ ንዝነበረት ወታሃደራዊ ዕጥቂ ዝመለሰትሉ፡ ነቶም ሒዞቶም ዘላ ዶልፊናት'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክትመልሶም ተማሕጺኖም ኣለዉ።

ንኣቶም ከምዝሕብርዎ፡ ዩክሬን ነቶም ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ንዝተቐብረ ነተጉቲ ክፍትሽ፡ ኣብ ልዕሊ መራኽብን ወታሃደራትን ጸላኢ ከስልዩ ክዋግኡን ክቐትሉን ከምዝኽእሉ ኮይኖም ዝተመልመሉ ዶልፊናት ከም ፍሉይ ሃገራዊ ጸጋ ገሪ'ያ ትጥምቶም። ከንዲ ዝኾነ ልዑል ወጻኢታት ዘፍሰሰትሉ ሓደሽ መዓስከር ኣዳልያትሎም ምህላዋ ትሕብር።

ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ብደረጃ ዓለም ፍሉይ ወታሃደራዊ ተልእኾ ክፍጽሙለን ኢለን ዶልፊናትን ካልኦት መጥባውቲ ዓሳታትን ዝምልምላ ሃገራት ዩክሬንን ኣመሪካን ጥራይ'የን።

ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ብዙሓት ዝኾኑ ዶልፊናት፡ ኣናብስ ባሕሪ (Sea lions)ን ካልኦት መጥባውቲ ዓሳታትን ብዝዋጾኡ ዝምልመሉ ዘመናዊ ማሰልጠኒ መዓስከር ኣብ ሳንዲያጎ ከምዘለዎ ይንገረለ። ኮይኑ ግን ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ግብራዊ ወታሃደራዊ ንጥፈታት ከሳትፎም ኣይካኣለን ዘሎ።

ኣብ ወደባዊት ከተማ ሰባስቶፖል ተደኩኑ ዝርከብ ናይ ዩክሬን ዝነበረ ማሰልጠኒ ዶልፊናት፡ ሕብረት ሶቬት ንኣመሪካ ንምብዳህ ኢላ ኣብ 1965 ከምዝተኸመቶ'ዩ ዝግለጽ።

በዚ ድማ ነተጉቲ ኣብ መራኽብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብማሪን) ኣመሪካ ኣጣቢቖም ዝዘድሙ፡ ከምኡ ድማ ብኻልእ ዝተፈላለየ ሜላ ኣብ ልዕሊኦን መጥቃዕቲ ፈጺሞም ዝሰውኡ ዶልፊናት ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚሩ ብብዙሓ ናይ ምስልጣን መደብ ሰርሐይ ኢላ ተተሓሒዙዩ። የግዳስ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም እታ ሃገር ስለ ዝተበታተነት እቲ ዝነበረሉም ዝነበረ ግቡእ ክንክን ክንፈጎም ጀሚሩ።

ብቑጽሪ ኣሽሓት በጺሖም ከምዝይነበሩ ኣብ 1995 ካብ 150 ዘይበዝሑ ዶልፊናት፡ ኣናብስ ባሕርን 'በሉጋ' ዝዓይነቶም ዓሳ ነባርን ጥራይ ተረፎም።

ብድሕሪ'ዚ ዩክሬን ነቶም ኣብ ማሰልጠኒ መዓስከር ወደባዊት ከተማ ሰባስቶፖል ዝነበሩ ጥራይ ብምሓዝ ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ባሕራ ሓቚፋ ክትናብዮም ጀሚራ። እቶም ዝተረፉ 27 ፍጡራት ድማ ምስ ፍሉይ ናውቶም ድሒሮም ኣብ 2000 ናብ ኢራን ተሸይጦም።

## ጀርመን፡ "ዝበለጸት ዘርኢ ኣርያን" ትብሃል ዝነበረት ህጻን ኣይሁዳዊት ኮይና ጸኒሓ




ክሳብ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ጀርመን "ዘርኢ ኣርያን ጽሩይን ፍሉይን እዩ!" ብምባል ኣሳእላ ኣብ ፖስተራትን መጽሔታትን እናጠቀዐት ንሓያለ ዓመታት ፕሮፓጋንዳዊ ጎስጓስ እተካይደላ ዝነበረ ሀሲ ታፍት ዝተባህለት ህጻን ምሉእ ብምሉእ ኣይሁዳዊት ኮይና ከምዝጸንሐት ኣብዚ ሰሙን'ዚ ዝተዘርግሐ ዜና ኣመልኪቱ።

ብመሰረት ጸብጻብ ጋዜጣ ቴለግራፍ፡ ኣብዚ እዋን ጓል 80 ዓመት ኮይና ዘላ ፕሮፌሰር ሀሲ ታፍት ገና ቈልዓ መንፈቕ እንከላ'ያ "ዝበለጸት ዘርኢ ኣርያን" ተባሂላ ብናይ'ቲ እዋን ሚኒስተር ፕሮፓጋንዳ ጀርመን ዝነበረ ጆሴፍ ጎይበልስ ተመሪጻ። በዚ ድማ ኣሳእላ ኣብ ፈቐዶ ታቤላታት፡ መናድቕ፡ ፖስተራትን ገበር መጽሔታትን'ታ ሃገር ክልጠፍ ጀሚሩ። ወላ'ኳ ወለዳ በቲ ኩነታት ኣዝዮም ርዑዶም እንተነበሩ፡ ሽዑ ኣብ ስልጣን ዝነበረ ስርዓት ናዚ ጀርመን ግን ሓቀኛ መንነት'ታ ህጻን ክፈልጥ ኣይከኣለን።

"ሎሚ 80 ዓመት ንድሕሪት ተመሊሰ ክሓስቦ እንከለኹ መመሊሱ'ዩ ዘስሕቐኒ። ግና እቲ ሽዑ ኣብ ጀርመን ስልጣን ጨቢጡ ዝነበረ ስርዓት ጽርይቲ ኣይሁዳዊት ምኻነይ ድሕሩ እንተዝፈልጥ ኔሩ ሎሚ ብህይወት ኣይምሃለኹን እናበልኩ በቲ ሓደ ወገን ኣስተንትን።" ትብል ፕሮፌሰር ሀሲ ታፍት ኣብቲ 'በልድ' ምስ ዝተባህለት ጋዜጣ ጀርመን ዘካየደቶ ቃለመሕትት።

ብመሰረት'ቲ ዝሰኣቦ ሓበሬታ፡ ብልጽቲ ኣቡት ናይ ዘርኢ ኣርያን ተባሂላ ብናይ ሽዑ መንግስቲ ጀርመን ድሕሪ ምምራጻ ክልቲኦም ወለዳ ዘየምቲ ዝነበሩ ኣይሁዳውያን ወለዳ ብኽቱር ራዕዲ ዝኣክል ኣብ 1938 ካብ ጀርመን ናብ ላቲቪያ ሃዲሞም። ኣብኡ ነዊሕ ከይጸንሑ ድማ እንደገና ናብ ፓሪስ - ፈረንሳ ግዒዞም። እንተኾነ ሓይለታት ጀርመን ንሰራዊት ፈረንሳ ብምድፋእ ነታ ከተማ ስለ ዝተቖጻጸርዋ፡ ህጻን ሀሲ ታፍት ምስ ወለዳ ካብ ኢድ'ቶም ሓይለታት ብምምላቕ ናብ ኩባ ከተምርሕ ተገዲዳ። ኣብ ኩባ ናብራ ስለ ዘይመችኣ ከኣ እንደገና ኣብ 1947 ናብ ኣመሪካ ተሰዲዳ።

ብኣዶልፍ ሂትለር እትምራሕ ዝነበረት ጀርመን ንኣስታት 6 ሚልዮን ዝኾኑ ኣይሁዳውያን ብሰንኪ ዘርኦም ከምዝቐተለቶም ሰነዳት ታሪኽ የረድኡ።

## ግብጺ፡ "ምሂዞ" ዝበሎ ንሕማም ኤይድስ ዝፍውስ ሓድሽ ብልሓት!

ሚኒስትሪ ምክልኻል ግብጺ፡ ንሕማም ኤይድስ፡ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስን ወይቦ (hepatitis C) ፈዊሱ ምሉእ ብምሉእ ክሕዊ ዝኽእል "ተኣምራታዊ ምህዞ" ዝበሎ ሓድሽ ሳይንሳዊ ብልሓት ከምዝዋሃበለ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ብወግዒ ገሊጹ ኔሩ። ካብዚ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ሓምለ ጀሚሩ ድማ ነቲ ሓድሽ ሳይንሳዊ ሜላ ፍወሳ ኣብ መላእ'ታ ሃገር ናብ ዝርከብ ኩለን ወታሃደራውያን ሆስፒታላት ከተኣታትዎ መደብ ሓንጺጹ ምህላዉ ዘመልክት መግለጺ ክሀብ ተሰሚዑ።

እንተኾነ እቲ ሚኒስትሪ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዝዘርግሖ ወግዓዊ ሓበሬታ፡ እቲ ሓድሽ ናይ ፍወሳ ሜላ ኣድማዕነቱ ብዝበለጸ ንምርግጋጽ ብሕጂ ተወሳኺ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ከድሊ ምኻኑ ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ ናብ ኩለን ወታሃደራውያን ሆስፒታላት ክኣትዎ ተታሒዙ ዝነበረ መደብ ናብ ካልእ ዘይተወሰነ ግዜ ከምዝሰጋገር ተገሪሩ ምህላዉ ሓቢሩ።

ሃገር ኣብ ካይሮ ኣኪቡ ብዝሃቦ'ቲ ምሂዞ ዝበሎ "C-Fast" ዝጠመቖ ሓድሽ ናይ ፍወሳ ብልሓት ሰፊሕን ዝርዝራዊን ዝኾነ መብርሂ ሂቡ ኔሩ።

ኣብ ልዕሊ ተሰኪምቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስን ብወይቦ ዝተጠቕዑን ሰባት ብዝነበረ ተፈቲኑ ዕዉት ውጽኢት ከምዝተረኽቦ ማለት እቶም ሰባት ካብ ክልቲኡ ሕማማት ምሉእ ብምሉእ ከምዝሓወዩ ድማ ወሲኹ መዲሩ ኔሩ።

ነቲ መደረ ብመገዲ ሚድያታት ካብ ዝተኸታተሉ ግብጻውያን ከኣ ልዕሊ 70 ሽሕ ዝኣኽሉ በቲ ሓድሽ ሳይንሳዊ ፍወሳ ንኽፍወሱ ብኡ ንብኡ ሕቶ ኣቕሪቦም። ኮይኑ ግን፡ ሓያለ ክኢላታት ጥዕና፡ ተመራመርቲን ፖለቲከኛታትን'ታ ሃገር እቲ ምህዞ ብዛዕባኡ ብዘምጽኦ ዝተረኸበ ዝኾነ ሳይንሳዊ



በዚ ድማ ነቲ ጉዳይ ካብ ፈለማኡ ብኣንክሮ ክከታተልዎ ዝጸንሑ ሓያለ ወገናት'ታ ሃገር ንሓቅነት ናይ'ቲ ምሂዞ ክብሎ ዝጸንሐ ሓድሽ ሳይንሳዊ ሜላ ፍወሳ ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትውዎ ጀሚሮም ምህላዎም እቲ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ብጋዜጣ 'ዘ ጋርዲያን' ዝተዘርግሐ ዜና የመልክት።

ብመሰረት'ቲ ዜናዊ ጸብጻብ፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ግብጺ ዝኾነ ሜጀር ጀነራል ኢብራሂም ዓብዱለጢ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ንምሁራትን ሊቃውንቲን'ታ

መርትዖ ዘይብሉ እናበሉ ብትሪ ክቃቐፍዎ ጀሚሮም።

በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ሓቅነት ናይ'ቲ ተኣምራታዊ ምህዞ ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ ሓድሽ ሳይንሳዊ ፍወሳ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክፍለጥ ምኻኑ ተዓዚቡ የመልክቱ።

ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ግብጺ ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ መጠን ወይቦ ዝራኣየለን ቀዳሞት ሃገራት ዓለምና እያ።

## ኢጣልያ፡ ብልሽዋት ሰበስልጣን ሰሉዳቶም ይወሕጡ

ብበልሽዉና ተኸሲሶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተዉ ሓያለ ሰበስልጣንን ሰብ ሃብቲን ኢጣልያ ካብ ፍርዲ ከምልጡ ክብሉ ንብምልኡ ሰሉዳቶም ሓፍኾም ውሒጦም ከምዝጸንሑ ፖሊስ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ብመሰረት ጋዜጣ ቴለግራፍ፡ እቶም ብበልሽዉና ተኸሲሶም ዘለዉ ፖለቲከኛታት ሰበስልጣን ከተማ ቬኒስ ኮይኖም፡ እታ ከተማ ብማይ ንኸይትዋሓጥ ተባሂሉ ኣብ ወሰናስና ዓበይቲ ማካኣኺሊ መናድቕ ኣብ ዝህነጸሉ ዘሎ እዋን'ዮም ንሰሉዳቶም ሓፍኾም ውሒጦም ተባሂሎም ካልኣይ ክሲ ዝቐረበሎም ዘሎ።

እቶም ከንቲባ ከተማ ቬኒስ ዝርከቦም ሰበ ስልጣን ነቲ 5.6 ቢልዮን ኤውሮ ተሰሊዕሉ ዘሎ ዓቢ ፕሮጀክት ህንጻ ናይ'ታ ከተማ ሕጋዊ ኣገባብ ማሰርሕ ከይተኸተሉ 'ኮንሶርዝዮ ቨዚያ ኖቫ' ንዝተባህለ ኮርፖረሽን ህንጻ ኩንትራት ድሕሪ ምሃቦም ካብ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ኮርፖረሽን ብጠቕላላ 22.5 ሚልዮን ኤውሮ ብላዕ ተቐቢሎም። ገለ ክፋል ካብቲ ዝተቐበልዎ ገንዘብ ብላዕ ከኣ ስልጣኖም ንምውሓስ ናይ ምረጻና ጎስጓስ ኣብ ምኽያድ ከምዝገልገልዎ እቲ ብፖሊስ ኢጣልያ ክካየደሎም ዝጸንሐ መርመራ የረጋግጽ።

እቶም ሰበስልጣን መንግስቲን ሓለፍቲ ኩባንያታት ህንጻን ነቲ ብላዕ ንምቕባል ብሕቡእ ቅድሚ ምፍርራሞም፡ ምናልባት ብፖሊስ ኣብ ዝጥርጠርሉ እዋን ተቐዳዲሞም ነቲ ወረቓቕቲ ክለሰም ክውሕጥዎ ከምዝለምዱ ከምዝተሰማምዑ፡ ፖሊስ ኢጣልያ ድማ ነቲ ናይ ሽዑ ዝርርብ ብቴለፎን ተጸናጺኑ ቀዲሕዎ ከምዝጸንሐ እቲ ብጋዜጣ ቴለግራፍ ዝተዘርግሐ ዜና ወሲኹ የመልክት።

ፖሊስ ኢጣልያ፡ ድሮ ኣብቲ ብልሽዉና ከምዝተቓማጠዩ ዝጠርጠሮም 35 ሰበስልጣን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ማተዮ ረንዚ፡ ሃገሩ በቲ ኣብ ወሽጣ ሱር ሰዲዱ ዘሎ ብልሽዉና ምስኣ እናተደወለ ይኸይድ ከምዘሎ ልዕሊ ኩሉ ድማ ዝተዳኸመ ቁጠባኣ ብኸምቲ ዝድለ ደረጃ ንኸየበራብር ቀንዲ ማሕንቖ ኮይንዎ ምህላዉ ብምምልካት፡ ካብ ሱሩ ንምምሓው እቲ ዝዓበየ ብደሃ ኮይኑ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ብጽባቐኣን ጥንታውነታን ቀንዲ ማሰሕቢ በጻሕቲ ምኻና ዝነገረላ ከተማ ቬኒስ፡ ብማይ እናተዋሕጠት ትኸይድ ምህላዋ'ዩ ዝሕበር። በዚ ድማ መጻኢኣ ንምውሓስ "ፕሮጀክት ሙሴ" ዝተሰምየ ዘርያኣ ብኮምፒተራስ ክትሕደር ዝኽእል ዓቢ መደብ ክተበግስ ተገዲዳ።

ኣብ ቅዱሳን መጽሓፍቲ ነብዩ ሙሴ ንእስራኤላውያን ካብ ምድሪ ግብጺ ንምውጻእ "ንባሕሪ ኤርትራ ብበትሪ ኣብ ክልተ ተርተሮ" ንዝበል ዛንታ ምርኩስ ገራ "ፕሮጀክት ሙሴ" ዝብል ስም ከምዝጠመቐቶ ከኣ ይሕበር። እቲ ፕሮጀክት ኣብ ዝመጽእ 2016 ክዛዘም መደብ ተታሒዙሉ ከምዘሎ'ውን ይግለጽ።